Ville de Lausanne

Bureau lausannois
pour les immigrés



# ኣብ Lausanne ምንባር ተግባራዊ መምርሒ

TI

# ዝርዝር ትሕዝቶታት


| | |
|---|---|
| እንቋዕ ብድሓን መጻኹም ኣብ Lausanne | 4 |
| ምውህሃድ ንኩላትና እዩ ዝምልከት | 5 |
| ሓደ ከተማ ምስ ብዙሓት መለለያቱ | 6 |
| Lausanne እንቋዕ ብድሓን መጻኹም ትብለኩም | 8 |
| ናብዚ ምስ መጻኹም፦ እንታይ ዝግበር ነገር ኣሎ | 10 |
| ካርታ ናይ ከተማ ቤት-ጽሕፈታት | 12 |
| ቤት-ትምህርታትን መንእሰያትን | 14 |
| ትምህርትን ምዕላምን | 18 |
| ስራሕ | 20 |
| ጥዕናን ድሕንነትን | 22 |
| መጣጥሕን ምልጋስ ጐሓፍን | 26 |
| ህይወት ኣብ ከባብኹም/ጐረባብትኹም | 28 |
| ዜግነትን ፖሊቲካውያን መሰላትን | 30 |
| ባህልን መዘናግዕን ስፖርትን | 32 |
| መጉዓዝያን ተንቀሳቓሽነትን | 34 |
| A ክሳብ Z ኣገደስቲ ኣድራሻታትን | 36 |



ሓታሚ፦ ከተማ Lausanne፣ Bureau lausannois pour les immigrés – BLI፣ ብምትሕብባር ምስ Info Cité

ንድፊ፦ alafolie.ch

መጀመርያ ስእሊ፦ Marino Trotta

ምሕታም፦ Presses Centrales

ነሓሰ 2019፣ 7ይ ሕታም

ብምትሕብባር ካብ፦

canton de vaud

PIC PROGRAMME D'INTÉGRATION CANTONAL CANTON DE VAUD

# እንቋዕ ብድሓን መጻኹም ኣብ Lausanne

Lausanne፣ ክፉት ከተማ

ምምሕዳር ከተማ ማለት ቀጻሊ ምኽትታል ውድን ኣብ መንጎ ድልዱልነትን ምዕባለን። እዚ ማለት ዝተ ፈላለዩ ተገዳስነታት ክኽበሩ ኣለዎም ከምኡ'ውን ብሕልፊ ሰላማዊ ዝኾነ ሓባር ምንባር ኣብ መንጎ ተቐ ማጦን ኮማትን ክድገፍ ኣለዎ። እዚኦም ኩሎም ነገራት ፍልይ ዝበለ ትርጉም ኣብ ከተማ Lausanne ኣለዎም፦ ወጻእተኛታት ዜጋታት ዳርጋ 43 % ህዝብና እዮም፣ እዚ መጠን ድማ ብቐጻሊ እናሰሰነ እዩ ዝኸይድ። ከምዚ ዓይነት ባህላውን ሕብረተሰባውን ብዙሕነት ናይ ምክፋል ሓድሕዳዊ ምትሕብባርን ኣገዳሲ ኣማራጺ እዩ። ተመኩሮታትና ብእኡ እናሰፈሐ ይኸይድ።

ንሓድሕድና ምፍላጥን ምኽባርን እዩ ዝምህረና። ግን እንተላይ ናብ ድኻም ክቕየር ይኽእል፣ ኩሉ ሰብ ከነ ወሃህድ እንተ ዘይንኽእል ወይ ኣኽብሮት ንኩሉ ባህሊ ሰብ ከነረጋግጽ እንተ ዝኣብየና ኮይኑ።

Lausanne ዕዉት ኣብነት ክፉትነትን ብዙሕነትን እንተ ደኣ ኮይኑ፣ ብዝሰፍሐ ሳላ ብዙሕ ዓመታት ዝተ ገብረ መንፍዓት ናይ ቤት-ጽሕፈት ፈለስቲ ከተማ Lausanne (BLI) ከምኡ'ውን ናይ መንፍዓት መሻር ኽቱ እዩ። መዓልታዊ ስርሖም ከም ኣብነት እዚ መንሹር እዚ ንከተማ Lausanne ይሕግዛ እዩ፣ ብሩኽን ምቹእን መንበሪ ቦታ ንኩሎም ሰብ ንክኸውን ይገብራ።



Grégoire Junod፣ ከንቲባ ከተማ Lausanne

# ምውህሃድ / ውህደት ምትሕብባር ነፍስ ወከና እዩ ዘድሊ

ካብ ዝያዳ 160 ሃገራት ዝመጹ ሰባት ኣብ Vaud ዝብሃል ክፍለ-ሃገር ስዊዘርላንድ እዮም ዝቕመጡ። ናይ ስዊዝ ዜጋታት ንኹን ወይ ካብ ካልእ ዝረሓቐ ቦታ ንኹን፣ ኣብዚ ቦታ ካብ ኩሉ ቦታታት ምውህሃድ ንኩላ ትና እዩ ዝምልከት፣ ሓገዝ ኩሉ ሰብ እዩ ዘድሊ። ምልጋስ ፍርሓት ኣብ ሰባት፣ ርክብ ምህናጽ ምስ ጐረባብ ትና ከምኡ⍰ውን ምድጋፍ ዝርርብ ኣድለይቲ ስጉምታት እዮም ንሓድሕድና ምእንቲ ከነፋልጥን ክንረዳዳእን ከምኡድማ ብዝሓሸ መታን ክንነብር። በቲ ካልእ ወገን ድማ ነቶም ሕጂ ዝኣተዉ ፍራንስኛ ምምሃር ነብስኻ ንክትክእል ቀዳማይ ስጉሚ እዩ። ኩላትና ንሓድሕድና እንተ ደኣ ነኸባበር ኮይና ብነናትና መንገዲ፣ ናይ ቀንዲ ኣገደስቲ መትከላት ማሕበራዊ ምትሕብባር ክብሪ ንህብን ነረጋገጽን።

ብዙሕ መዳያት ከተማ Lausanne ዋላ ብድሆ እዩ፣ ብፍላይ ብዛዕባ ጉዳይ ማዕረ ኣማራጺታት እንተ ኾይኑ። ዝያዳ 43% ተቐማጦ Lausanne ናይ ስዊዘርላንድ ፓስፖርት የብሎምን። ከተማና ኣብ 1971 ብምህናጽ ቤት-ጽሕፈት ፈለስቲ ስዊዘርላንድ መንገዲ ሰሪቱ እዩ።

እቲ ንኣድላይነት ህዝቢ ዝሕግዝ ናይ ምውህሃድ ሜላታት ኣብ ውሽጢ ዝያዳ 50 ዓመት ዝገበረ እዋን ኣማ ዕቢሉ። እዚ ሕታም እዚ ኣብነት ሓፈሻዊ መንፍዓት ካብ ምሕደራ ከተማ እዩ፣ ብምትሕብባር ብዙሓት ምት እስሳራት ከምኡ'ውን ወግዓውያን ትካላት፣ ናይ ምውህሃድ ሜላታትና ርትዕን ትርጉም መታን ክንህቦም። ንኩሎም ኣብ ምትሕብባሩ ተሳቲፎም ዝነበሩ ኣዚና ከነመስግኖም ንደሊ። ንኩልኻትኩም ሕጂ ለንቅነ ኣቲኹም ዝነበርኩም ከኣኒ ሰናይ ንምነየልኩም ኢና።



Oscar Tosato፣ በዓል ዋዕላ ከተማ
ዳይረክተር ስፖርትን ማሕበራዊ ስምረትን

# ሓደ ከተማ ምስ ብዙሓት መለለያቱ

Lausanne ናይ ስዊዘርላንድ ራብዓይ ዝዓበየት 145 000 ተቐማጦ ዘለዋ ከተማ እያ፣ ናይ ቀላይ Geneva ከምኡ'ውን ገቦታት Alps መሰጥቲ ትርኢታት ትህብ ከምኡድማ ርእሰ-ከተማ ግስጋሰ ኦሊምፕያ ስለዝኾነት መጻኢ ዘለዋ ከተማ ከምኡ'ውን ህቡብ ማእከል ትምህርትን ባህልን እያ። ኣብ ከባቢ ብጎቲክ ኣሰራርሓ ዝተሰርሐ ካተድራለኣ ካብ ምሉእ ዓለም ዝመጹ ህዝብታት ትኣክብ እያ፣ ከምኡ'ውን ዋና ጨናፍር ናይ ዝተፈላለዩ ኣህጉራውያን ትካላት።

## ናይ ኦሊምፒክን ስፖርትን ርእሰ-ከተማ

ሳላ ህላወ ኣህጉራዊ ኦሊምፒክ ኮሚቲ (CIO) ካብ 1914 ኣትሒዙ ብሓንሳብ ምስ ዳርጋ 20 ዓለምለኻውያን ናይ ስፖርት ሕብረታትን ውድባትን፣ ኣገዳስነት ስፖርት ኣብ Lausanne ክብሩ ኣይሰኣነን። ናይ ኦሊምፕያ ርእሰ-ከተማ ብምኽና ክብረታ ብምክያድ "ዩፍ ኦሊምፒክ ጌምስ" (YOG) ኣብ ጥሪ 2020 ከተርኢ እያ፣ ኣብኡ ዝያዳ 1000 ስፖርተኛታት ካብ ዕድመ 15 ክሳብ 18 ክሳተፉ እዮም።

Lausanne ሓድሽ ናይ ኩዕሶ እግሪ ስታድዮን ኣብ 2019 ከፊታ ከምኡ'ውን ሚእታት ማሕበራትን ምትእስሳራትን ትሕዝ፣ ብኸምኡ ኣማራጺታት ተሳትፎ ዝያዳ 70 ዝተፈላለዩ ዓይነታት ስፖርት ተቕርብ። እንተላይ ኩሉ ዓመት ቀንዲ ናይ ስፖርት ፍጻሜታት ትካየድ፣ ከም ንኣብነት Athletissima፣ ናይ Lausanne ማራቶን ከምኡ'ውን እቲ ህቡብ ናይ 20 ኪሎሜተር ውድድር (20KM de Lausanne)።

## ምስራት መንገዲ ናይ መጻኢ ዘለዎ ምዕባለ

ቀጻሊ ምዕባለ ኣብ ልቢ ግስጋሰ ከተማ Lausanne ንዝያዳ 20 ዓመታት ዓቢ ትርጉም ሒዙ ከምኡ'ውን መንፍዓታ ብ "ኤውሮጳዎ ኤነርጂ ኣዋርድ" ወርቂ ተዋሂባ። 100 ሚእታዊት ናይ ኤለክትሪካዊ ቀረብ ካብ ዝሕደሱ ማዕድናት ከምዝመጽእ ተረጋጊጹ፣ ሓድሽ መቐመጢታት ናይ 2000-ዋት-ማሕበረኮም ሕግታት ተኸቲሎም ኣለው፣ እዚ ንሃዋህው ዝድግፍ ተንቀሳቓስነት የተባብዕ እዩ ከምኡ'ውን ክፉታት ቦታታት ይኸታተል። እቲ ናይ m2 ሜትሮ/ባቡር ከተማ ቀዳማይ ኣውቶማቲክ ስርዓት ሜትሮ ኣብ ስዊዘርላንድ እዩ፣ ክልተ ንተፈጥሮን ሃዋህውን ጽቡቕ ዝሰማማዕ ከባቢታት ውን ይስራሑ ኣለው።

## ብልጸት ኣብ ትምህርቲ

ኣብ Lausanne ናይ ዓለም ብሉጻት ትምህርታውያን ትካላት ኣለው፣ ከም ንኣብነት እቲ ናይ ስዊዝ ፈደራላዊ ትካል ተክኖሎጂ Lausanne (EPFL)፣ እዚ ኩሉ ግዜ ኣብ ዓለማዊ ምንጽጻር ጽቡቕ ደረጃ ይወሃብ፣ ብተወሳኺ ድማ Ecole hôtelière (EHL) ከምኡ'ውን IMD (ምሕደራ)። እቲ ብዩኒቨርስቲ Lausanne ከምኡ'ውን EPFL ዝተኻፈለ ካምፑስ 25 000 ናይ ስዊዘርላንድ ከምኡ'ውን ኣህጉራውያን ተመሃሮ ሒዙ። ካልኦት ትካላት ኣብ ፍሉይ ዓውዶም ውን ህቡባት እዮም፣ ከም ንኣብነት ECAL (ጥበብን ንድፍን)፣ EJMA (ጀዝን ዘመናዊ ሙዚቃን) ከምኡ'ውን Rudra-Béjart ናይ ሳዕስዒት ቤት-ትምህርቲ።

## ባህሊ ዘለዋ ከተማ

ከተማ Lausanne ንዕብየታ ብጣዕሚ ብዙሓት ኣማራጺታት እያ ተውፊ። ዳርጋ 20 ቤተ-መዘከራት ንኣጋይሾም ናይ ታሪኽን ስነ-ፍልጠትን ስነ-ጥበብን ዘመናዊ ጥበብን ከምኡ'ውን ባዕዳዊ ጥበብ መገሻታት የርእዩ እዮም፣ ብፍሉያት ኣብ ካልእ ቦታታት ዘይርከቡ ትሕዝቶታት። Lausanne ዳርጋ 15 ትያተራት ኣለውዋ፣ እንተላይ ትካላት ከም በዓል Théâtre Vidy-Lausanne ከምኡ'ውን ዝያዳ ናይ ምርምር ቦታታት፣ ዝተፈላለዩ ናይ ክላሲክ ኦርከስትራታት፣ ናይ ኦፕራ ትካል፣ ዝተፈላለዩ ፈስቲቫላት ከምኡ'ውን ብዙሓት ናይ ዘመናዊ ሙዚቃ ፍጻሜታት። Béjart Ballet Lausanne ዝብሃል ቀንዲ ጀውሃር ሳዕስዒት ክርሳዕ የብሉን፣ ዝተመስረቱ ብኮርዮግራፈኛ ኣቶ Maurice Béjart።

## ብሉጽ ተወዳዳሪ ቍጠባ/ኢኮኖሚ

Lausanne ካብ ተቐማጦ ሲ ዝያዳ ሞያታት/ጆብስ ኣለውዋ። ቀንዲ ኣገልግሎታ ከምኡ'ውን ፍልጠት ዘለዎ ቍጠባ ብሰፊሑ 170 000 ሰባት የስርሕ እዩ። ብፍላይ ሳላ CHUV (Centre hospitalier universitaire vaudois) ኣዝዩ ጽቡቕ ጥዕናውያን ኣገልግሎታት ተቐሪቦም። ኣሽሓት ሓድሽቲ ገዛውቲ ካብ ብዙሓት ዓመታት ይህነጹ ኔሮም፣ ጸቕጢ ኣብ ናይ ጥሪት ዕዳጋ ምእንቲ ክነኪ።

www.lausanne.ch

# Lausanne እንቋዕ ብድሓን መጻኹም ትብለኩም

ኩሉ ዓመት ዝያዳ 15 000 ሰባት ናብ Lausanne ይቕይሩ። ወይ ካብ ከባቢኡ ዝመጹ፣ ካብ  ካልእ ቦታ ኣብ ስዊዘርላንድ ወይ ካብ ካልእ ዝረሓቐ ቦታ ዝመጹ፣ ከተማ Lausanne ነቶም ሓድሽቲ ሰባት ግርም መጀመርታ ኣብ ርእሰ-ከተማ ክፍለ-ሃገር/ካንቶን Vaud ትገብረሎም።

## ብቤት-ጽሕፈት ከተማ ዝተኻየደ ቆጸራ ሰላምታን ምልላይን

ቆጸራ ሰላምታን ምልላይን ንሓድሽቲ ተቐማጦ ኣብ Casino de Montbenon ኩሉ ዓመት ኣብ ሕዳር እዩ ዝካየድ። ዝተፈላለዩ ናይ ቤት-ጽሕፈት ከተማ ኣገልግሎታት ኣብቲ ፍጻሜ ነናቶም ሰሌዳታት ኣለዎም፣ ብዛዕባ እንታይ ዓይነት ናይ ከተማ ምሕደራ ከምዝሰርሑ ይነግሩ እዮም።

www.lausanne.ch/accueil

## ናይ መቐበልን ሓበሬታን ፕሮጀክታት ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ከምኡ'ውን መምርሒ ጉዕዞ ካብ ምምሕዳራዊ ቤት-ጽሕፈታት ከተማ

ናይ መቐበሊ ፕሮጀክታት(ወርክሾፕስ) ከምኡ'ውን መምርሒ ጉዕዞ ካብ ምምሕዳራዊ ቤት-ጽሕፈታት ከተማ ነጻ እዮም፣ ኣብ Lausanne ዝቕመጡ ሰባት መዓልታውያን ጉዳያት ንክላመዱ ከምኡ'ውን ሕቶታት ብዛዕባ ስራሕ፣ ትምህርቲ፣ ትካላት፣ ጥዕና፣ መቐመጥታትን ስርዓተ ትምህርትን ንክምልሽሎም። እዚኦም ፕሮጀክታት ኣብ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት እዮም ተቐሪቦም፣ ሕጂ ኣብ ፍራንስኛ፣ እንግሊዝኛ፣ ስፓንኛ፣ ጣልያንኛ ከምኡ'ውን ፖርቱግኛ።

www.lausanne.ch/welcome

## Info Cité

ቤት-ጽሕፈት Info Cité ቀንዲ ቦታ ሓበሬታ ከተማ Lausanne እዩ፣ ሓበሬታን መምርሕን ንተቐማጦን ዝሓልፉ ኣጋይሽን የቕርብ እዩ፣ ብዛዕባ ናይ ምምሕዳር ወግዒታት ከምኡ'ውን ብዛዕባ ዕንደራ፣ እታ ከተማ እንታይ ቀረባት ከምዘለውዋ።

**Info Cité**
Place de la Palud 2፣ case postale 6904፣ 1002 Lausanne፣
ተሌ. 021 315 25 55፣ infocite@lausanne.ch
www.lausanne.ch/infocite

## ንብሓድሽ ዝመጹ ሰባት ክወሃሃዱ ከለው ምሕጋዝ

ናይ Lausanne ቤት-ጽሕፈት ፈለስትን ስደተኛታትን (Bureau lausannois pour les immigrés – BLI) እንቋዕ ብድሓን መጻኹም ይብለኩም ከምኡ'ውን ቀዳማይ ሰፈርኩም ምፍላጥ ሓበሬታ እዩ፣ ብዛዕባ ምውህሃድ ኣብ ዓለም ስራሕ፣ ተሳትፎ ኣብ ማሕበራውያን ንጥፈታት ከምኡ'ውን መሰላትኩምን ተሓታትነትኩምን ከም ዜጋ። BLI ዋላ ሓደ ኣገዳሲ ተራ ኣብ ምውጋድ ዓሌትነት እዩ ዝጻወት፣ ንዓሌታዊ ጽልኣትን ኩነታትን ዝምኮሩ ሰባት ይሕግዞም እዩ።

ክፍለ-ሃገራዊ ቤት-ጽሕፈት ምውህሃድ ወጻእተኛታትን ምውጋድ ዓሌትነትን (Bureau cantonal pour l’intégration des étrangers et la prévention du racisme – BCI) ናይ ቤት-መንግስቲ ዋዕላ ቀንዲ ስልጣን እዩ ንከምዚ ዓይነት ጉዳያት። እንተላይ ኣብ Renens፣ Yverdon፣ Nyon፣ Vevey ከምኡ'ውን Bex ከተማዊ ናይ ምውህሃድ ቤት-ጽሕፈታት ኣለው።

**Bureau lausannois pour les immigrés – BLI (ናይ Lausanne ቤት-ጽሕፈት ፈለስቲ)**
Place de la Riponne 10፣ case postale 5032፣ 1002 Lausanne፣
ተሌ. 021 315 72 45፣ bli@lausanne.ch፣ www.lausanne.ch/bli
ግዜታት፦ 8 ቅ.ቀ. ክሳብ 12 ፋዱስ፣ 1 ድ.ቀ. ክሳብ 5 ድ.ቀ.

**Bureau cantonal pour l’intégration des étrangers  et la prévention du racisme – BCI (ክፍለ-ሃገራዊ ቤት-ጽሕፈት ምውህሃድ ወጻእተኛታትን ምውጋድ ዓሌትነትን)**
Rue du Valentin 10፣ case postale፣ 1014 Lausanne፣ ተሌ. 021 316 49 59
info.integration@vd.ch፣ www.vd.ch/integration

## ማሕበራት ኮም

ብዙሓት ናይ ስደተኛታት ምትእስሳራት ንጡፍ ደገፍ ንምውህሃድ ኣብ Lausanne ከምኡ'ውን ንካንቶን/ክፍለ-ሃገር Vaud የቕርቡ እዮም። ዝርዝር ውድባት ኣብ Lausanne ኣብ መርበብ BLI ክርከብ ይከኣል።

እቲ ናይ ከኒሻ ማሕበራዊ ማእከል ሓገዝ (Centre Social Protestant) ናይ ምምሕዳር ሕቶታት ኩም ብዛዕባ ፍቓዳት፣ መርዓ ከምኡ'ውን ምጽንባር ስድራ ክምልሸልኩም ይኽእል።

**ዝርዝር ማሕበራት**
ዝርከብ ኣብ www.lausanne.ch/associations-migrants

**Centre Social Protestant – La Fraternité (ናይ ከኒሻ ማሕበራዊ ማእከል ሓገዝ)**
Place Arlaud 2፣ 1003 Lausanne፣ ተሌ. 021 213 03 53
frat@csp-vd.ch፣ www.csp.ch/fraternite
ግዜታት ንማሕበራዊ ደገፍ፦ ሰሉስን ሓሙስን፣ ሰዓት 6 ድ.ቀ. ክሳብ 8 ድ.ቀ.

# ኣብኡ ምስበጽሕኩም፡- ቀንዲ ነገር ንምግባር

## ምምዝጋብ ምስ ምምሕዳር ከተማ

ኣብ Lausanne ምስ ኣተኹም ሸመንተ መዓልታት ኣለኩም ኣብ ምዝጋበ ተቐማጦ ንክትምዝገቡ (Contrôle des habitants)። ብኣካልኩም ኣብ ኣድራሳ Rue du Port-Franc 18፣ ኣብ ወረዳ Flon ክትህልዉ ኣለኩም። ዝተፈላለዩ ሰነዳት የድልዩ እዮም። ምእታውኩም ኣቐዲምኩም ብምጥቓም ፎርም ኣብ ኢንተርነት ክትሕብሩ ትኽእሉ። ናይ ስዊዘርላንድ ዜጋ እንተዘይኮንኩም ከምኡ'ውን ዝያዳ ሰለስተ ኣዋርሕ ክትጸሑ እንተደሊኹም፣ ንፍቓድ መቐመጢ ሕቶ ከተቕርቡ ኣለኩም።

Contrôle des habitants (ምዝጋበ ተቐማጦ)፣ www.lausanne.ch/ch፣ ተሌ. 021 315 31 33

## ኢንሹራንስ/መድሕን ምውጻእ

ኣብ ስዊዘርላንድ እንተ ደኣ ትቕመጡ ኮይንኩም ገሊኦም ዓይነት ኢንሹራንሳት ግድነታውያን እዮም፡- መሰረታዊ መድሕን ጥዕና፣ መድሕን ሓደጋ፣ ግላዊ ግዱድነት (RC) መኪና ወይ ህንጻ እንተ ትውንኑ ኮይንኩም፣ ወይ ተኻረይቲ እንተኾይንኩም ፍሉያት ናይ ምሕደራ ጥሪት ትካላት፣ ከምኡ'ውን ኢንሹራንስ ሓውን ተፈጥሮኣዊ መቕዘፍቲ ንህንጻታትን ኣቕሑ ገዛን (ECA)። ካልእ ምክልኻል ኢንሹራንስ ወለንታዊ እዩ፡- ተወሳኺ መድሕን ኢንሹራንስ፣ ግላዊ ግዱድነት ከምኡ'ውን ናይ ገዛ ኢንሹራንስ፣ ምስኣን ደሞዝ፣ ሕጋዊ ምክልኻል ወይ መድሕን ህይወት። ተወሳኺ ሓበሬታ ገ.22

www.lausanne.ch/pratique

## ንዝተፈላለዩ መርበባት ማሕበር

ምስ ሰፈርኩም ኣብ ናይ ከተማ Lausanne ኣገልግሎታት (ንኳሬንቲ፣ ጋዝ፣ ወዘተ) (Services industriels de Lausanne - SiL)። ዋላ ካልኦት ብSiL ብመርበብ ስልኪ ዝተቐርበ ናይ ሙልቲሚድያ ኣገልግሎታት (ተለቪዥን፣ ኢንተርነት፣ ጭቡጥ ስልኪ) ክትመርጹ ትኽእሉ።

ዝኾነ ኣብ ምዝጋበ ተቐማጦ ዝምዝገብ ሸውንሸው ጸብጻብ ካብ Serafe ዝብሃል ትካል ክወሃብ እዩ፣ እቲ ላይሰንስ ክፍሊት ንቅባለ ራድዮን ተለቪዥንን ንክኸፍል። ክፍሊታት ብገዛ እዮም ዝጥለቡ።

Services industriels (ጨንፈር መሰረታውያን ኣገልግሎታት)፣ www.lausanne.ch/sil፣
ተሌ. 0842 841 841 ወይ Citycable፣ www.citycable.ch፣ ተሌ. 021 315 88 88

Serafe፣ www.serafe.ch፣ ተሌ. 058 201 31 67 or
Office fédéral de la communication (ፈደራላዊ ቤት-ጽሕፈት ርክብ)፣ www.ofcom.admin.ch

## ቆልዓኹም ኣብ ቤት-ትምህርቲ ምምዝጋብ

ናይ ትምህርቲ ዕድመ ዝበጽሑ ቆልዑት ምስ ኣተኹም ብቐጥታ ክምዝገቡ ይኽእሉ፣ ኣብ ዝኾነ እዋን ኣብ ዓመት፣ ነዚ ንቀዳማይን ካልኣይን ጨንፈር ቤት-ትምህርትታት ክትውከሱ ኣለኩም (Service des écoles primaires et secondaires)። ንፍራንስኛ ድሮ ዘይዛረቡ ቆልዑት ሓገዝ ተቐሪቡ ኣሎ። ተወሳኺ ሓበሬታ ገ. 15

## ፍታሕ ክንክን ቆልዑ ምርካብ

ቆልዑት ንትምህርቲ ድሮ ዘይኣክል ዕድመ እንተዘለዎም ኣብ ሓደ ማእከል ምእላይ ዑቕባ (መዓልታዊ መእለዪ ቆልዑ) ክምዝገቡ ይኽእሉ። ብዙሓት ሰብ ንደቆም ኣብኡ ከመዝግብዎም ስለዝደልዩ መጠን ቦታታት ደረታዊ እዩ፣ ስለዚ ብዝቐልጠፈ ሽምኩም ኣብ መጸበዪ ዝርዝር ክትምዝግቡ ኣገዳሲ እዩ። ቤት-ጽሕፈት ሓበሬታ ወለዲ (Bureau d'information aux parents – BIP) ሓበሬታ ክህበኩም ይኽእል።

ናይ UAPEን APEMSን ማእከላት ኣብ ወጻኢ ግዜታት ስራሕ ምእላይ ናይ ቤት-ትምህርቲ ቆልዑት የቕርቡ። ቀጻሊ ሓበሬታ ገ.16

## ቀረጽ ምኽፋል

ናይ ስዊዘርላንድ ስርዓት ቀረጽ ኣብ ሰለስተ ደረጃታት ይሰርሕ፡- ፌደራላዊ፣ ክፍለ-ሃገራዊ ከምኡ'ውን ናይ ከተማ ቀረጻት። ኩሎም 18 ወይ ንላዕሊ ዝዕድሙ ኣብቲ ክፍለ-ሃገር ዝቕመጡ ንዓመታዊ መምለሲ ቀረጽ ዝኸውን ፎርም ክምለኡ ኣለዎም፣ ደሞዝ ዘለዎም ወይ ዘይብሎም ብዘየገድስ እዩ። ናይ መጻኢ ከፈልቲ ቀረጽን ናይ ወጻኢ ሰራሕተኛታት ኣብ ክፍለ-ሃገራዊ ምሕደራ ቀረጽ (Administration cantonale des impôts) ክምዝገቡ ኣለዎም።

Administration cantonale des impôts (ክፍለ-ሃገራዊ ምሕደራ ቀረጽ)፣ www.vd.ch/impots፣
ተሌ. 021 316 00 00

## መኪናኹም ምምዝጋብ

ኣብ ስዊዘርላንድ እንድሕር ሰፊርኩም ብቑዕ ናይ ወጻኢ መምርሒ ፍቓድ እንተ ሒዝኩም፣ ናይ ወጻኢ ፍቓድኩም ናብ ናይ ስዊዘርላንድ ፍቓድ ክትቕይሩ 12 ኣዋርሕ ካብ ዝኣተኹም ግዜ ክህልወኩም። ናይ ሞቶር ሰረገላታትን መካይን መፍለጢ ቁጽሪ ክህልዎም ኣለዎም ኣብ ወግዓውያን ጽርግያታት ፍቑዳት ንክኾኑ። ቀጻሊ ሓበሬታ ገ.34-35

Service des automobiles et de la navigation du Canton de Vaud (ክፍለ-ሃገራዊ ቤት-ጽሕፈት መጕዓዝያ ጽርግያን መርከብን)፣
www.vd.ch/san፣ ተሌ. 021 316 82 10

## ምምዝጋብ ከልብኹም

ወነንቲ ከልቢ ንከልቦም ኣብ ኣገልግሎት ቤትጽሕፈት ፊናንስን ቀረጽን (Service des finances/impôts) ብተሌፎን፣ ኦንላይን ወይ ኣብ ዝቐርቦም መደበር ፖሊስ ከመዝግብዎ ኣለዎም።

Service des finances/impôts (ፊናንስ ኣገልግሎት ቀረጽን)፣ www.lausanne.ch/impots፣
ተሌ. 021 315 43 11

# ካርታ ናይ ከተማ ቤት-ጽሕፈታት

**A** Services industriels (ቀረባት)
ኳሬንቲ፣ ጋዝ፣ ሙልቲሚድያ

**B** Direction de l'enfance፣
de la jeunesse et des quartiers
(ጨንፈር ቆልዑትን መንእሰያትን ጕረባብትን)
ምዝጋበ ቤት-ትምህርቲ ወይ መዓልታዊ መእለዪ ንኣብ ዕድመ ትምህርቲ ዘለው ቆልዑት

Bureau d'information aux parents – BIP
(ቤት-ጽሕፈት ሓበሬታ ወለዲ)

Bureau lausannois pour les familles
(ናይ Lausanne ቤት-ጽሕፈት ስድራ)

Service du logement et des gérances
(ናይ ገዛውትን ዘይተንቀሳቓሲ ንብረትን ምምሕዳር ቤት-ጽሕፈት)
ዝነከየ ዋጋ ዘለዎ መቐመጥታት

Office régional de placement – ORP
(ከባብያዊ ቤት-ጽሕፈት ስራሕን ሞያን)

**C** Bibliothèque municipale
(ቤት-መጻሕፍቲ ከተማ)

**D** Service des assurances sociales
(ጨንፈር ኢንሹራንስ ድሕንነት)
ገንዘባዊ ሓገዝን ዝነከየ ክፍሊታትን ከምኡ'ውን ናይ ኣረገውትን ሰብ ዝሞቱሎምን ኢንሹራንስ

**E** Contrôle des habitants
(ቤት-ጽሕፈት ምዝጋበ ተቐማጦ)
ኣብ ምሕደራ ከተማ ምምዝጋብ፣ ምንዋሕ ፍቓዳትን ምቕያር ኣድራሻታትን

**F** Service de la propreté urbaine
(ኣገልግሎት ምሕደራ ጐሓፍ)
ዓውደ-ኣዋርሕ ምእካብ ጐሓፍ

**G** Info Sociale
ሓበሬታ ብዛዕባ ማሕበራውያን ኣገልግሎታት

**H** Bureau lausannois pour les immigrés – BLI
(ናይ Lausanne ቤት-ጽሕፈት ፈለስቲ)

Objets trouvés (ዝጠፍአ ንብረት)

Inspection du travail (ቍጽጽር ስራሕ)

**I** Hôtel de Ville (መዘጋጃ ቤት)

Info Cité (ማእከል ሓበሬታ ከተማ)

**J** SIL Citycable
ውዕላት ሙልቲሚድያ





# ቤትምህርትታትን መንእሰያትን

ቆልዑትን መንእሰያትን ኣብ Lausanne ምስ መዓልታዊ መእለይታት ከም ኡ'ውን ምስ ናይ ትምህርትን መዘናግዕን ተገዳስነቶም ዝድግፉ ትካላት ርክብ ክገብሩ ይኽእሉ።

## ስርዓተ ትምህርቲ

ስርዓተ ትምህርቲ ክፍለ-ሃገራዊ ተሓታትነት እዩ ኣብ ስዊዘርላንድ፣ ካብ ቤት-ትምህርቲ ናብ ዩኒቨርስቲ፣ ብዘይካ ናይ ስዊዘርላንድ ፈደራላዊ ትካል ተክኖሎጂ። እቲ ቆልዓ ኣርባዕተ ዓመት ምስገበረ ግድነታዊ ትምህርቲ ይጅምር ከምኡድማ ን[illegible] ዓመት ይቕጽል።

ግድነታዊ ትምህርቶም ምስ ወድኡ፣ እቶም ተመሃሮ ኣብ መንጎ ሞያዊ መጽናዕቲ (ናይ ሞያ ትምህርቲ ክሳብ CFC ዝበጽሑ) ወይ ልዕል ዝበለ ትምህርቲ (ናይ ሽዱሽተ ፎርም ኮለጅ ወይ ናይ ሞያተኛታት ሃይ-ስኩል) ክመርጹ ይኽእሉ እዮም።

**Direction générale de l'enseignement obligatoire**
**(ሓባር ሽማግለ ግድነታዊ ትምህርቲ)**
Rue de la Barre 8፣ 1014 Lausanne፣ **ተሌ.** 021 316 32 32
www.lausanne.ch/ecole፣ www.vd.ch/scolarite ኣብኡ ናብ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ዝተተርጎሙ ሰነዳት ክትረኽቡ ትኽእሉ

## ቆልዓኹም ካብ ዕድመ 4 ኣብ ቤት-ትምህርቲ ኣመዝግቡ

15 ቤት-ትምህርትታት ኣብ Lausanne ኣለው፣ ቦታታቶም ከኣ ኣብ ምሉእ ከተማ እዮም ተዘርጊሖም። ምዝጋበታት ድማ ብጨንፈር ቀዳማይን ካልኣይን ቤት-ትምህርትታት (Service des écoles primaires et secondaires) እዮም ዝካየዱ። ብዙሓት ግላውያን ቤት-ትምህርትታት ውን ኣለው፣ ዝተፈላለየ ዓይነት ትምህርቲ ወይ ብዙሕ ቋንቋታት ዝዝረቡ ከባቢታት የቕርቡ እዮም።

**Service des écoles primaires et secondaires**
**(ጨንፈር ቀዳማይን ካልኣይን ቤት-ትምህርትታት)**
Place Chauderon 9፣ case postale 5032፣ 1002 Lausanne፣ **ተሌ.** 021 315 64 11
seps@lausanne.ch፣ www.lausanne.ch/seps

**Association vaudoise des écoles privées (ማሕበር ግላውያን ቤት-ትምህርትታት Vaud)**
Route du Lac 2፣ 1094 Paudex፣ case postale 1215፣ 1001 Lausanne፣
**ተሌ.** 058 796 33 00፣ info@avdep.ch፣ www.avdep.ch

## ካብ ዕድመ 4 ክሳብ 15 ዘለው ፍራንስኛ ዘይዛረቡ ተመሃሮ

ኣብ መንጎ ዕድመ 4ን 15ን ዘለው እኹል ፍልጠት ፍራንስኛ ዘይብሎም ቆልዑት ኣብ Lausanne ምስ ኣተዉ ብዛዕባ "ማእከል ሪሶርስ ንኣሎፎን ተመሃሮ" (Centre de ressources pour élèves allophones – CREAL) ክሕበሩ እዮም። ድሕሪ ቃለ-መጠይቕ፣ ተመሃሮ ኣብ ናይ ቅባለ ክላስ ክኣተዉ ክፍቐደሎም ይኽውን ወይ ዓሚቕ ስልጠናታት ፍራንስኛ ክወሃቡ ይኾኑ ኣብ ወግዓዊ ትምህርቲ ክወሃሃዱ ምእንቲ ክከኣሉ።

**Centre de ressources pour élèves allophones de Lausanne – CREAL**
**(ማእከል ሪሶርስ ንኣሎፎን ተመሃሮ)**
Avenue d'Echallens 1፣ 1004 Lausanne፣ **ተሌ.** 021 315 64 86፣ www.lausanne.ch/creal

## ካብ ዕድመ 15 ክሳብ 20 ዘለው ፍራንስኛ ዘይዛረቡ ተመሃሮ

ኣብ መንጎ ዕድመ 15ን 20ን ዘለው ቅድሚ ሕጽር ዝበለ ግዜ ኣብ ስዊዘርላንድ ዝኣተዉ ሰባት፣ እንተዝከኣል ኮይኑ፣ ሓደ ትምህርታዊ ዓመት ኣብ Ecole de la transition (ቤት-ትምህርቲ ምምሕልላፍ) ክሳተፉ ይኽእሉ። ብእኡ ተመሃሮ ምስ ሓድሽ ኮሞም ንክላለዩ ኣማራጺ ይወሃቦሎም፣ ኣብ ምውህሃድ ምእንቲ ክሕገዙ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ሓደ መበገሲ ሞያዊ መጽናዕቲ ወይ ኣብ ኣካደምያዊ መጽናዕቲ ክሳተፉ ይኽእሉ። ምዝጋበ ብመርበብ ስደት (Portail Migration) ናይ ክፍለ-ሃገራዊ ቤት-ጽሕፈት ንመምርሒ ትምህርትን ሞያን (Office cantonal d'orientation scolaire et professionnelle – OCOSP) እዩ ዝካየድ።

**Portail Migration – OCOSP (መርበብ ስደት)**
Rue de la Borde 3d፣ 1014 Lausanne፣ **ተሌ.** 021 316 11 40
www.vd.ch/themes/formation/orientation/trouver-une-formationprofession-lorsquon-vient-darriver-dans-le-canton-de-vaud

## ማእከላት መዓልታዊ መእለዪ

ማእከላይ ቆልዑት፣ ዑቕባታት ቆልዑ፣ ብዝነከየ ዋጋ ዝካየዱ ከተማውን ግላውን መዕቆቢታት ቆልዑም፣ መጸወቲ ማእከላትን መዋእለ ህጻናትን ኩሎም ኣካል ናይ መርበብ ክንክን ቆልዑ Lausanne እዮም። (Réseau d'accueil de jour de Lausanne) ብRéseau-L ዝፍለጥ። እቶም ብዙሓት ማእኸላት ናይ ምሉእ ግዜ/መዓልቲ ክንክን ይህቡ፣ ስድራታት ግላውን ሞያውን ናብራታቶም ክመሓዳድሩ ንክኽእሉ ይሕግዞም፣ ከምኡ'ውን ናይ ክፋል ግዜ ክንክን ይህቡ፣ ቆልዑት ማሕበራውያን ክእለታት ከማዕብሉ ንክኽእሉ። ቤት-ጽሕፈት ሓበሬታ ወለዲ (BIP) ሓበሬታን መምርሕን ንወለዲ የቕርብ ከምኡ'ውን ተገዳስነቶም ኣብ Réseau-L ማእኸላዊ መጸበዪ ዝርዝር ከመዝግብ ይኽእል።

ሓደ ተመሃራይ ኣብ ክላስ 1P ወይ 2P መዓልታዊ ምእላይ እንተዘድሊ ኮይኑ፣ ምናልባት ኣብ ናይ ተመሃሮ መዓልታዊ መእለዪ ማእከል ክኸዱ ይኽእሉ (Unité d'accueil pour écoliers – UAPE)።

ማእኸላት APEMS (Accueil pour enfants en milieu scolaire – ንዕድመ ትምህርቲ ዝኣኸሉ ቆልዑት ዝኾኑ ስርዓታት ይሕግዙ) ምሕላው ዘለዎ መዓልታዊ ምእላይ የቕርቡ ንቆልዑ ኣብ ክላስ 3P ክሳብ 6P፣ ወለዶም ከኣ ክሰርሑ ኣለዎም፣ ካብ ሰዓት 7 ቅ.ቀ. ክሳብ 6.30 ድ.ቀ.።

**Bureau d'information aux parents – BIP (ቤት-ጽሕፈት ሓበሬታ ወለዲ)**
Place Chauderon 9፣ case postale 5032፣ 1002 Lausanne
መቐበሊ መዓልታዊ ክፉት'ዩ ካብ 8.30 ክሳብ 11.30 ቅ.ቀ. ከምኡ'ውን 1.30 ክሳብ 4.30 ድ.ቀ.
ተሌፎን ስልኪ ሓገዝ፦ 021 315 60 00 ሰሉስ፣ ሓሙስ ከምኡ'ውን ዓርቢ ካብ 10 ቅ.ቀ. ክሳብ 12 ፋዱስ።
bip@lausanne.ch፣ www.lausanne.ch/bip

**ናይ ደገፍ ስርዓታት ኣብ Lausanne**
www.lausanne.ch/structures-accueil

**Service d'accueil de jour de l'enfance (ናይ መዓልቲ መእለዪ ንተመሃሮ ትምህርቲ)**
Place Chauderon 9፣ case postale 5032፣ 1002 Lausanne፣ ተሌ. 021 315 68 33/08
apems@lausanne.ch፣ www.lausanne.ch/apems



## ናይ መበቈላዊ ቋንቋን ባህልን ስልጠናታት

ናይ መበቈላዊ ቋንቋን ባህልን ስልጠናታት ንቆልዑት ብዙሕ ባህልታት ዘለውዎ መንነቶም ንክዳህስሱ የተባብዕዎም፣ መበቈላዊ ቋንቋኦም ብምምሃር። ድልዱል ፍልጠት ቋንቋ ኣደኦም (መበቈላዊ ቋንቋኦም) ዝበዝሕ ግዜ ኣገዳሲ መሰረት ንምምሃር ቋንቋ ዝኸዱሉ ሃገር እዩ። ሓደ ብማሕበራት Lausanne ዝተቐረበ ዝርዝር ናይ መበቈላዊ ቋንቋን ባህልን ስልጠናታት ኣብቲ መንሹር ይርከብ እዩ Apprendre à Lausanne ብBLI ዝተሓተመ እዩ።

**Bureau lausannois pour les immigrés – BLI (ናይ Lausanne ቤት-ጽሕፈት ፈለስቲ)**
ዝርዝር ስልጠናታት ኣብ ዝስዕብ ይርከብ፦ www.lausanne.ch/apal

## መዛነዪ (ናይ ዕረፍቲ) ንጥፈታት።

ዝተፈላለዩ መዛነዪ ንጥፈታት ኣብ ዕረፍቲ ትምህርቲ ንቆልዑት ተቐሪቦም። እቲ ናይ ዕረፍቲ ንጥፈታት ጉጅለ (Domaine accueil vacances) ስድራታት ንክመርሕ ተቐሪቡ፣ ኣብ ምምዝጋብ ዝተገደሱሉ ንጥፈታት ይሕግዞም።

**Direction de l'enfance፣ de la jeunesse et des quartiers (ጨንፈር ቆልዑትን መንእሰያትን ጐረባብትን) – Domaine accueil vacances**
Place Chauderon 7a፣ case postale 5032፣ 1002 Lausanne፣ ተሌ. 021 315 68 22/65
jeunessevacances@lausanne.ch፣ www.lausanne.ch/jeunessevacances

**ዕለታት ዕረፍቲ ትምህርቲ፦**
www.lausanne.ch/vacances

# ትምህርትን መጽናዕትን

Lausanne ብዙሕ ናይ ኪኢላ ትምህርታዊ ትካላት ትሕዝ፣ እንተላይ ዩኒ ቨርስቲ Lausanne (UNIL)፣ ናይ ስዊዘርላንድ ፈደራላዊ ትካል ተክኖ ሎጂ Lausanne (EPFL)፣ ትካላት ልዕል ዝበለ ትምህርትን ተክኒካ ውያን ኮለጃትን (ምሕደራ ሆተል፣ ኣመሓዳድራ ዋኒን፣ ትርኢታዊ ጥበብ፣ ወዘተ) ከምኡ'ውን ዝተፈላለዩ ግላውያን ቤት-ትምህርትታት።

## ናይ ትምህርትን ሞያን መምርሒ

ከባብያዊ ማእኸል መምርሒ ትምህርትን ሞያን (Centre régional d'orientation scolaire et professionnelle – OSP) ሓበሬታን ምኽርን ንኣብ መወዳእታ ግዴታኦም ትምህርቲ ዘለው ተመሃሮ ይህብ ከምኡ'ውን ንኣብ መጽናዕቲ ወይ ምምሕልላፍ ዘለው መንእሰያት ሰባት፣ እንተላይ ንዓበይቲ ሰባት።

ንኩሉ ሰብ ብክፉት ዝርከቡ ሓጸርቲ መሓበሪ መጠይቓት ብነጻ ኣብ ማእኸል ሓበሬታ መጽናዕትን ሞያን ይርከቡ፣ ኩሉ ድሕረ ቀትሪ (ሰኑይ - ሓሙስ ካብ 1.30 ክሳብ 5 ድ.ቀ. ከምኡ'ውን ዓርቢ ካብ 12 ፋዱስ ክሳብ 4 ድ.ቀ.)። ውልቃውያን ቆጸራታት ኣብ መንጎ እቲ ቀዳማይ ቃለ-መጠይቕ ክግበሩ ይከኣሉ።

መርበብ ስደት () ናይ "እንቋዕ ብድሓን መጻኹም" ቃለ-መጠይቓት ንመንእሰያት ኣብ መንጎ ዕድመ 15ን 25ን ዘለው ሰባት ይካየድ፣ ቅድሚ ሕጽር ዝበለ ግዜ ኣብ ክፍለ-ሃገር Vaud ዝኣተዉ፣ ቅሩብ ፍራ ንስኛ ዝዛረቡ ወይ ፍጹም ፍራንስኛ ዘይዛረቡ ከምኡ'ውን ኣብ ናይ መጽናዕቲ ስልጠና ክሳተፉ ተገዳስነት ዘለዎም። (ገ. 15)

ኣብ መንጎኡ ሓደሓደ ግዜ ዝካየዱ ኣስተምህሮታት (ብዛዕባ መንገዲ ምምሃር፣ ፍቓዳት፣ ወዘተ) ኩሉ ግዜ ተወዲቦም። ናይ ሲቪ (ታሪኽ ስራሕካ) ሓበሬታ ኩሉ ዓርቢ ካብ ፋዱስ ክሳብ ሰዓት 4 ድ.ቀ. ክካየድ እዩ።

**Centre régional d'orientation scolaire et professionnelle Lausanne – OSP (ከባብያዊ ማእከል መምርሒ ትምህርትን ሞያን)**
Rue de la Borde 3d፣ 1014 Lausanne፣ ተሌ. 021 316 11 20፣ www.vd.ch/orientation

**Guichet d'information de la Direction generale de l'enseignement postobligatoire – DGEP (ጨንፈር/ ሰሌዳ ሓበሬታ ቀጻሊ ትምህርቲ)**
Rue Saint-Martin 26፣ 1014 Lausanne፣ ተሌ. 021 316 63 04
info.dgep@vd.ch፣ www.vd.ch/dgep

## ሓገዝ መጽናዕቲ/ስታዲ

ካንቶን Vaud ሓገዝ መጽናዕቲ ከወፊ ይኽውን፣ ካብ ገንዘባዊ ኩነት ሓታቲ ዝተመርኮሰ እዩ። ናይ ሓገዝን ስራሕን መሰረት (Fondation lausannoise d'aide par le travail – F.L.A.T.) ዕላማ ምሕጋዝ ተቐማጦ ከተማ እዩ ኣብ ዓለም ስራሕ ንክወሃሃዱ፣ ንኣብነት ኣብ ምኽፋል መጽናዕቲ ወይ ንስራሕ ዝም ልከት ወጻኢታት ሓገዝ ይቕበሉ። ንኣብ ከተማ Lausanneን ብእኣ ዝተመሓደረ ቦታን ዝቐመጡ ሰባት ክፉት እዩ ከምኡ'ውን እቶም ብቑዕ (ግና ግዝያዊ ዘይኮነ) ፍቓድ ስራሕ ዘለዎም። ዝኾነ ሓገዝ ካብቲ መሰረት (ፋውንደሽን) ብገንዘብ እዩ ዝካየድ፣ ስለዚ ዘለው ዕዳታት ወይ ጠለባት ንሕሉፍ ዝምልከት ሓገዝ ኣብ ግምት ክኣትዉ ኣይክእሉን።

ሓበሬታ ብዛዕባ መጽናዕቲ/መላመዲ ኣብ www.vd.ch/orientation ይርከብ፣ ሓገዝ መጽናዕቲ ድማ ኣብ www.vd.ch/ocbe ይርከብ እዩ።

**Fondation lausannoise d'aide par le travail – F.L.A.T. (ናይ ስራሕን ሓገዝን መሰረት)**
Sévelin 8፣ case postale 5032፣ 1002 Lausanne፣ ተሌ. 021 315 71 28
flat@lausanne.ch፣ www.lausanne.ch/flat

## ቅባለ ብቕዓታት

ሃገራዊ ማእኸል ርክብ (Point de contact national) ኣብቲ ናይ ሃገር ሰክረታሪ ትምህርቲ፣ ምር ምርን ምሕዳስን ቀዳማይ ቦታ ርክብኩም እዩ፣ ዝኾኑ ሓፈሻውያን ሕቶታት ብዛዕባ ቅባለ ናይ ወጻኢ ብቕ ዓታት እንተለውኹም።

**Point de contact national pour la reconnaissance des diplômes (ሃገራዊ ማእከል ርክብ ንቅባለ ብቕዓታት)።**
ሆትላይን 058 462 28 26፣ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ 9.30 ቅ.ቀ. ክሳብ 11.30 ቅ.ቀ. ከምኡ'ውን ሰሉስ-ረቡዕ 2 ድ.ቀ. ክሳብ 4 ድ.ቀ.. ኣብ ወጻኢ እዚኦም ግዜታት፣ ጸሓፉ ናብ pointdecontact@sbfi.admin.ch
ሓፈሻዊ ሓበሬታ፦ www.sbfi.admin.ch

## ስልጠናታት ፍራንስኛ

ቋንቋ ሓድሽ ሃገርኩም ክትመሃሩ ኣገዳሲ ተራ ኣብ ጉዳይ ምውህሃድ ይጻወት፣ ብፍላይ ኣገልግሎታት ከም ንኣብነት ስራሕ፣ ጥዕና ወይ ትምህርቲ እንተ ደኣ ክትረኽቡ ደሊኹም። ብማሕበራትን ግላውያን ቤት-ትምህርታትን ዝተቐርበ ዝርዝር ስልጠናታት ፍራንስኛ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ቤት-ጽሕፈት ፈለስቲ Lausanne (BLI) ይርከብ እዩ ወይ ኣብ መንሹር Apprendre à Lausanne።

**Bureau lausannois pour les immigrés – BLI (ናይ Lausanne ቤት-ጽሕፈት ፈለስቲ)**
Place de la Riponne 10፣ case postale 5032፣ 1002 Lausanne፣ ተሌ. 021 315 72 45
bli@lausanne.ch፣ www.lausanne.ch/bli ወይ www.lausanne.ch/apal

# ስራሕ

ስራሕ ትደልዩ ኣለኹም፧ ኣብ ከባብያዊ ሚድያ ወይ ኣብ ኢንተርነት ዝተሓተሙ ናይ ስራሕ ቀረባት ክትሓቱ ትኽእሉ ከምኡ'ውን ብነጻ ኣብ ከባብያዊ ቤት-ጽሕፈት ስራሕ (Office régional de placement) ወይ ኣብ ሓደ ካብቶም ግላውያን ናይ ስራሕ ኤጀንሲታት ክትምዝግቡ ትኽእሉ። እቶም ተገዲስኩምሎም መርበባት ሓበሬታ ትካላት ዳህስሱ ኢኹም ከምኡ'ውን ወለንታዊ ኤፕሊከሽን ስደዱሎም።

## ቀዳማይ ስራሕኩም ኣብ ስዊዘርላንድ

ናይ ውልቅኹም መርበብ ርክባት ክትሃንጹ ኣገዳሲ ተራ ውን ይጻወት እዩ ስራሕ ክትረኽቡ እንተ ደሊኹም። ስለዚ ንጡፍ ተራ ኣብ ሓደ ማሕበር እንተትወስዱ ኮይንኩም ኣዝዩ ሓጋዚ ከምኡ'ውን ረብሓዊ ክኸውን ይኽእል።

ኣብ ስዊዘርላንድ ክሰርሑ ዝደልዩ ወጻእተኛታት ናይ ስራሕ ፍቃድ የድልዮም። ዝኾነ ኣስራሒ ፍቓድ ስራሕ ክገብረልኩም ይኽእል፣ ነዚ ዘድልዩ ኩነታት ምስ ተረኺቦም።

ናይ Lausanne ቤት-ጽሕፈት ፈለስቲ ቆጸራታት ኣብ ስፓንኛ፣ ፖርቱግኛ፣ ጣልያንኛ፣ እንግሊዝኛ ከምኡ'ውን ፍራንስኛ የቕርብ እዩ፣ ኣብ ምድላይ ስራሕ ንክሕግዘኩም።

**Bureau lausannois pour les immigrés – BLI (ናይ Lausanne ቤት-ጽሕፈት ፈለስቲ)**
Place de la Riponne 10፣ **ተሌ.** 021 315 72 45 **ወይ** www.lausanne.ch/pef

## ምርካብ ስራሕን መምርሕን

ስራሕ ዘይብሎም ሰባት፣ ብትካሎም ወይ ብዓሎም ካብ ስራሖም ዝሰናበቱ ወይ ድሕሪ ሕጽር ዝበለ ግዜ ስራሕ ዝሰኣኑ ዘለው፣ ኣብ ከባብያዊ ቤት-ጽሕፈት ስራሕ ክምዝግቡ ይኽእሉ እዮም (Office régional de placement – ORP)። ሓተትቲ ኣብ Lausanne ክነብሩ ኣለዎም ከምኡ'ውን ኣብ ቤት-ጽሕፈት ምዝጋበ ተቐማጦ ተመዝጊቦም ክህልዉ ኣለዎም። ወጻእተኛታት ከኣ ፍቓድ ስራሕ ወይ ዝምልከት ስልጣን ክህልዎም ኣለዎ። ዕማም ኣማኸርቲ ORP ንደለይቲ ስራሕ ምሕጋዝ እዩ ከምኡ'ውን ኣብ ስራሕ ንከወሃሃዱ ምሕጋዝ እዩ።

ቅድሚ ምቕባል ሓገዝ ሸቕለተ-ኣልቦነት (ስራሕ ዘይብሎም)፣ ሓተትቲ ኣብቶም ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ብውሕዱ 12 ኣዋርሕ ክሰርሑ ኔርዎም፣ ቅድሚ ምምዝጋቦም ኣብ ORP።

እዚኦም ኩነታት እንተዘይተረኺቦም ደለይቲ ስራሕ ገና ናይ ሓገዝ ኣብ ዕዳጋ ስራሕ ክምለሱ ዝሕገዝዎም ኣገልግሎታት ክቕበሉ ይኽእሉ።

**Service du travail – Office regional de placement – ORP**
**ጨንፈር ስራሕ – ከባብያዊ ቤት-ጽሕፈት ስራሕ)**
Place Chauderon 9፣ case postale 5032፣ 1002 Lausanne፣ **ተሌ.** 021 315 78 99
orp@lausanne.ch፣ www.lausanne.ch/orp

**Service cantonal de l'emploi (ክፍለ-ሃገራዊ ጨንፈር ስራሕ)**
Rue Caroline 11፣ 1014 Lausanne፣ **ተሌ.** 021 316 61 04
info.sde@vd.ch፣ www.vd.ch/sde

ከተማ Lausanne ንዝተደለዩ ስራሓት/ሞያታት ኣብ ዝስዕብ ትዘርግሕ፦ www.lausanne.ch/emploi

## ሕጊ ስራሕ

ናይ ስዊዘርላንድ ቅዋም ናይ ሚኒሙም ደሞዝ ኣይህብን እዩ። ግና ገሊኦም ጨናፍር ብሓደ ሓፈሻዊ ናይ ስራሕ ስምምዕ ተመዲቦም ኣለው፣ ኣብቲ ስምምዕ ሽዑ ወርሓዊ ወይ ሰዓታዊ ናይ ሚኒሙም ደሞዝ ተወሲኑ ይርከብ እዩ። ሕጋዊ መሰረት ውዕልኩም ብንጹር ክትርድኡ እንተደሊኹም ንቤት-ጽሕፈታት ቍጽጽር ስራሕ ከተማ (l'Inspection du travail Lausanne) ክትረኽብዎም ትኽእሉ። ፈደራላውያን ምምሕዳራት ናይ ደሞዝ መቀመሪ ኣብ መርበብ ሓበሬታኦም ኣለዎም፦ www.lohnrechner.bfs.admin.ch

**Service du travail – Inspection du travail Lausanne**
**(ጨንፈር ስራሕ – ቍጽጽር ስራሕ)**
Place de la Riponne 10፣ case postale 5032፣ 1002 Lausanne፣ **ተሌ.** 021 315 76 80
itl@lausanne.ch፣ www.lausanne.ch/inspectiondutravail

# ጥዕናን ድሕንነትን

ምስ ኣተኹም ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ኣዋርሕ ግድነታዊ ኢንሹራንስ ጥዕና ንከተውጽኡ ኣይትረስዑ! እቲ ናይ ጥዕና ክንክን ከምኡ'ውን መርበብ ሓገዝ ድሕንነት ኣብ መዓልታውያን ጸገማት ክሕግዙኹም ይኽእሉ።

## ኢንሹራንስ ጥዕናን ሓደጋን

ብተወሳኺ ካብ ደሞዝኩም ዝንከዩ ክፍሊታት ኢንሹራንስ ድሕንነት (ገንዘብ ጥሮታ፣ ሽቕለተ-ኣልቦነት፣ ልዕለ ዕድመ ከምኡ'ውን ኢንሹራንስ ስንክልና)፣ ናይ ጥዕናን ሓደጋን ኢንሹራንሳት ንኩሎም ኣብ ስዊዘርላንድ ዝቕመጡ ግድነታውያን እዮም። ብመትከል ማለት ሰራሕተኛታት ኣብ ጉዳይ ሓደጋ ሽዑንሽዑ ብኢንሹራንስ ተከላኺሎም። ስራሕ እንተዘይብልካ ናይ ሓደጋ ምክልኻል ካብቲ ናይ ጥዕና ኢንሹራንስካ ከተውጽእ ኣለካ።

ብድሌትካ ዝኾነ ናይ ጥዕና ኢንሹራንስ ብነጻ ክትመርጽ ስለትኽእል፣ ፈደራላዊ ቤት-ጽሕፈት ወግዓዊ ጥዕና (Office fédéral de la santé publique - OFSP) ምንጽጻር ናይ ዝኾነ ፍሉይ ቀረባት ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.priminfo.ch የቕርብ።

ቤት-ጽሕፈት ኢንሹራንስ ጥዕና Vaud (Office vaudois de l’assurance-maladie – OVAM) ገንዘባዊ ደገፍ ንግድነታዊ ኢንሹራንስ ጥዕና ክህብ ይኽውን፣ ካብቲ ደምዝኮም ይምርኮስ እዩ። ሕቶታት/ ኤፕሊከሽናት ናብ ማሕበራዊ ቤት-ጽሕፈት ውሕስነት ወይ ኣብ መርበብ ሓበሬታ OVAM ክቕረቡ ኣለዎም።

**ገንዘባዊ ደገፍ ኢንሹራንስ ጥዕና**
**Service des assurances sociales (ማሕበራዊ ቤት-ጽሕፈት ውሕስነት)**
Place Chauderon 7፣ case postale 5032፣ 1002 Lausanne፣ ተሌ. 021 315 11 11
sas@lausanne.ch፣ www.lausanne.ch/assurances_sociales

**Office vaudois de l'assurance-maladie (ቤት-ጽሕፈት ኢንሹራንስ ጥዕና Vaud)**
Chemin de Mornex 40፣ 1014 Lausanne፣ ተሌ. 021 557 47 47 ሰኑይ፣ ረቡዕ ከምኡ'ውን ዓርቢ፦ 8 ቅ.ቀ. ክሳብ 11.45 ቅ.ቀ. www.vd.ch/subside-assurance-maladie

**ድንገት ህይወት ዘስዕቡ ህጹጽ ኩነታት**
ቁጽሪ ህጹጽ ኩነታት፦ ተሌ. 144 (24/7)
ኩሉ ግዜ ዝህሉ ሓኪም፦ ተሌ. 0848 133 133 (24/7)

## ሓኪም ምምራጽ

ዝበዝሕ ሰባት ኣብ ስዊዘርላንድ ናይ "ስድራ ሓኪም" ኣለዎም፣ ንሱ መዓልታዊ ጥዕናኹም ይምርምር እዩ ከምኡ'ውን ናብ ፍሉይ ሓኪም ወይ ክንክን ህጹጽ ኩነታት ከመሓላልፈኩም ይኽእል ኣድላይ እንድሕር ኮይኑ። ገሊኦም ሓኻይም ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ይዛረቡ፦ ኣብ ማሕበር ሓኻይም ክፍለ-ሃገር Vaud (Société vaudoise de médecine) ወይ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ማሕበር ሓካይም ስዊዘርላንድ (Fédération des médecins) ሕተቱ ኢኹም።

**Société vaudoise de médecine (ማሕበር ሓኻይም ክፍለ-ሃገር Vaud)**
(ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ዝዛረቡ ሓካይም ዝሕዝ ዝርዝር)
Chemin de Mornex 38፣ case postale 7443፣ 1002 Lausanne፣ ተሌ. 021 651 05 05
info@svmed.ch፣ www.svmed.ch ወይ ኣብቲ ሃገራዊ ሓበሬታ መርበብ www.doctorfmh.ch

## ቀዳማይ ሓገዝ / ክንክን ህጹጽ ኩነታት

ሓፈሻውያን ሓኻይም ናይ ዩኒቨርስቲ መዲካል ክሊኒክ/ሆስፒታል (Policlinique médicale universitaire – PMU) ንነዊሕ ግዜ ውልቃዊ ክንክን ሕክምና እዮም ዘቕርቡ፣ ልክዕ ከም ዘይጽግዕተኛታት ሓኻይም። PMU ኣገልግሎት ሓገዝ ድሕንነት ከምኡ'ውን ሓደ ወግዓዊ ፋርማሲ የቕርብ እዩ። ናይ Vaud ሆስፒታል ዩኒቨርስቲ (Centre hospitalier universitaire vaudois – CHUV) ከም ዝተደለየ ክንክን ህጹጽ ኩነታት እዩ ዘቕርብ። ናይ ቆልዑት ህጹጽ ኩነታት ኣብ ሆስፒታል ቆልዑት ተመሓዳዲሮም (Hôpital de l'enfance)።

እቲ Point d’eau Fondation ነጻ ወይ ውሑድ ዋጋ ዘለዎ ኣገልግሎት ጽሬትን ጥዕናን ንዘድልዮም ሰባት የቕርብ እዩ፣ እንተላይ ሻወራት/ መሕጸቢታት ኣካላት፣ መሕጸቢታት ማሺን ከምኡ'ውን ርክብ ምስ ናይ ስንን ሕክምናን ክንክን (ሓካይም፣ ነርሰስ፣ ኦስተዮፓት፣ ሺሮፖዲስት ከምኡ'ውን ናይ ማሳዥ ሓኻይም)።

**Policlinique médicale universitaire – PMU (ናይ ዩኒቨርስቲ መዲካል ክሊኒክ)**
Rue du Bugnon 44፣ 1011 Lausanne፣ ተሌ. 021 314 60 60፣ መዓልታዊ 24/7
Voie du Chariot 4 (Flon)፣ 1003 Lausanne፣ ተሌ. 021 314 90 90 ሰኑይ-ቀዳም 7 ቅ.ቀ. ክሳብ 9 ድ.ቀ.፣ ሰንበት ከምኡ'ውን ወግዓዊ በዓላት 9 ቅ.ቀ. ክሳብ 7 ድ.ቀ.

**Centre hospitalier universitaire vaudois – CHUV (ናይ Vaud ሆስፒታል ዩኒቨርስቲ)**
Rue du Bugnon 21፣ 1011 Lausanne፣ ተሌ. 021 314 11 11፣ www.chuv.ch

**Hôpital de l'enfance (ናይ ቆልዑት ሆስፒታል)**
Chemin de Montétan 16፣ 1007 Lausanne፣ ተሌ. 021 314 84 84 (ህጹጽ ኩነታት 24/7)
www.hopital-enfance.ch

**Point d’eau**
Avenue de Morges 26፣ 1004 Lausanne፣ ሰኑይ ከምኡ'ውን ሓሙስ፦ 2 ድ.ቀ. ክሳብ 8 ድ.ቀ. ከምኡ'ውን ሰሉስ፣ ረቡዕ፣ ዓርቢ፦ 10 ቅ.ቀ. ክሳብ 4 ድ.ቀ.
ተሌ. 021 626 26 44፣ info@pointdeau-lausanne.ch፣ www.pointdeau-lausanne.ch

## ጥዕናን ስደትን

ማሕበር Appartenances ንፍወሳ ኣእምሮ ዝምልከት ኣገልግሎት ምኽሪ የቕርብ ን ብስደት ዝመጸ ስምባደ ዘለዎም ተሓከምቲ። ኣስተርጓማይ እንተ ዘድልየኩም ኣገልግሎት Intermedia ኣብ Appartenances ኣገልግሎታት ኣብ ዝያዳ 50 ቋንቋታት የቕርብ እዩ።

**Appartenances / ኣገልግሎት ኢንተርሚድያ**
Rue des Terreaux 10፣ 1003 Lausanne፣ **ተሌ.** 021 341 12 50
interpretariat@appartenances.ch፣ www.appartenances.ch

## ፋርማሲታት

ፋርማሲታት ኣብ ሸዑ ቦታ ክወሃብ ዝከኣል ከምኡ'ውን ብወረቐት ጠለብ ክወሃብ ዝከኣል መድሃኒት ይሸጡ ከምኡ'ውን መሰረታዊ ሓበሬታ ጥዕና የቕርቡ። ኣብ ህጹጽ ኩነታት ወጻኢ ክፉት ግዜታት፣ ናይ ግዴታ ፋርማሲ ክሳብ ፍርቂ ለይቲ ሸውዓተ መዓልቲ ኣብ ሰሙን ክፉት ክኸውን እዩ። ኣብ ለይቲ ንሓኪም ግዴታ ብ 0848 133 133 ደውሉ (ንቡር ምድዋል ብገንዘብ እዩ)።

## ምምዳብ ስድራ

እቲ Fondation Profa ኩሎም ሕቶታትኩም ብዛዕባ ምክልኻል ጥንሲ፣ ጥንሲ ከምኡ'ውን ምውጋድ ኤድስ ይምልሸልኩም ከምኡ'ውን ናይ ሓዳር ኣገልግሎት ምኽሪ የቕርብ እዩ።

**Fondation Profa (መሰረት Profa)**
Avenue Georgette 1፣ 1003 Lausanne፣ **ተሌ.** 021 631 01 42
ስደትን ግላዊ ህይወትን፦ ተሌ. 021 631 01 75፣ www.profa.ch

## ኣረገውትን ስንክልና ዘለዎም ሰባትን

Lausanne ብዙሕ ዓይነት ናይ ድሕንነት፣ ጥዕና ከምኡ'ውን ሕክምናዊ-ማሕበራዊ ኣገልግሎት እያ ተቕርብ። ዝርዝር ወግዓውን ግላውን ኣገልግሎታት ኦንላይን ይርከብ እዩ።

**Service des assurances sociales (ማሕበራዊ ጩንፈር ድሕንነት)**
Place Chauderon 7፣ case postale 5032፣ 1002 Lausanne፣ **ተሌ.** 021 315 11 11
sas@lausanne.ch፣ www.lausanne.ch/aineshandicapes



## ጐነጽ/ዓመጽ

ማእከል ምኽሪ LAVI (Centre de consultation LAVI) ሓገዝ ንኣካላታዊ፣ ጾታዊ ወይ ኣእምሮኣዊ ዓመጽ ተሞኪሮም ዝነበሩ ሰብኡትን ኣንስትን የቕርብ። ኣገልግሎቱ ነጻ እዩ።

መዕቆቢ Malley-Prairie (Centre d'accueil Malley-Prairie) ናይ ምኽሪ ማእከል እዩ ከምኡ'ውን ሆስተል/ዑቕባ ንኣካላታዊ ወይ ኣእምሮኣዊ ዓመጽ ተሞኪረን ዝነበራ ኣንስቲ (ከምኡ'ውን ንደቀን) እዩ። ኣገልግሎት ምኽሪ ነጻ እዩ።

Ale ዝብሃል ማእከል ምክልኻል (Centre Prévention de l'Ale) ንዝኾነ ንመጻምዱ ወይ ንስድርኡ ዓመጽ ዝገብረሎም ሰብ ሓገዝን ደገፍን የቕርበሉ። ማዕረ ጾታ ዘለዎም መጻምድታት ውን ክፉት እዩ።

**Centre LAVI (ማእከል LAVI)**
Rue du Grand-Pont 2bis፣ 1003 Lausanne፣ **ተሌ.** 021 631 03 00 (24/7)

**Centre d'accueil Malley-Prairie (ማእከል Malley-Prairie) (24/7)**
Chemin de la Prairie 34፣ 1007 Lausanne፣ **ተሌ.** 021 620 76 76
**ቁጽሪ ህጹጽ ኩነታት፦ ለይትን ቀዳመ-ሰንበትን፣** 021 620 76 70
info@malleyprairie.ch፣ www.malleyprairie.ch

**Centre de prévention de l'Ale (ማእከል ምውጋድ Ale)**
Rue de l'Ale 30፣ 1003 Lausanne፣ **ተሌ.** 021 321 24 00
www.prevention-ale.ch. ሓበሬታ ብተሌፎን ወይ
ስልኪ ሓበሬታ ላይን፣ ረቡዕ 4 ድ.ቀ. ክሳብ 7 ድ.ቀ.።

## ኣገልግሎታት ድሕንነት

ናይ Lausanne ኣገልግሎት ድሕንነት (Service social Lausanne ▯ SSL) ሓገዝ ፊናንስ ድሕንነትን የቕርብ፣ ሸዑ ክብረት ዜጋታቱን ሰብኣዊ መሰላቶምን የኽብር እዩ። ረብሓታት ዘለዎ ዝርዝር በብ ቦትኡ ወይ በብ ኣቕራቢ ኣገልግሎት ኣብቲ ሓበሬታ መርበቡ ይርከብ እዩ።

**Service social Lausanne - Info sociale (ማእከል ሓበሬታ ማሕበራውያን ኣገልግሎታት)**
Place Chauderon 4፣ case postale 5032፣ 1002 Lausanne፣ **ተሌ.** 021 315 75 11
ssl@lausanne.ch፣ www.lausanne.ch/ssl

## ናይ ባጀትን ፊናንስን ጸገማት

ተሌፎን ሆትላይን Parlons Cash ምኽሪ ብዛዕባ ምሕደራ ባጀት የቕርብ ከምኡ'ውን ዝኾነ ሕቶ ንዕዳ ዝምልከት ጸገማት ክምልሽ ይኽእል።

ተሌ. 0840 4321 00 (ንቡር ምድዋል ብገንዘብ እዩ) ሰኑይ ክሳብ ሓሙስ፣ ኣብ መንጎ 8.30 ቅ.ቀ. ከምኡ'ውን 1 ድ.ቀ.

# መጣጥሒ ከምኡ'ውን ምልጋስ ጐሓፍን

ዝበዝሑ ሰባት ንመቐመጥኦም ብ ‘gérances’ ዝብሃሉ ኣራኸብቲ የካርዩ እዮም። ስለዚ ብንቡር መንገዲ ኣፓርታማ/ገዛ ክትረኽቡ እንተ ድኣ ሊኹም ናቶም ናይ ምኽራይ ቤት-ጽሕፈታት ክትሓቱ ኣለኩም።

ኣብ መንጎ እቶም 71 000 ገዛታት ኣብ ውሽጢ ደረታት ከተማ፣ ዝያዳ 7 000 ብመንግስቲ ወይ ብካልእ ኣካል ዝኽፈሉ እዮም። ፍሉይ ኩነታት ምስ ተረከቡ ሓገዝ ኣብ ምክራይ ይወሃብ እዩ። ቤት-ጽሕፈታት ምምሕዳር ከተማ ነዚ ሓገዝ ክመሓዳደሩ ተሓተትቲ እዮም፣ እዚ ካብ ኩነታት ኣካራዪ ይምርኮስ እዩ (ደሞዝ፣ ዓይነት ገዛ፣ መንበሪ ዓመታት ኣብቲ ከተማ፣ ወዘተ..)።

ንሓገዝ ዝቕበሉ መቐመጢ ዝምልከት ኩነታት ከተረጋገጹ እንተ ደሊኹም ንምምሕዳር ቤት-ጽሕፈት ገዛውትን ዘይተንቀሳቓሲ ንብረትን (Service du logement et des gérances) ርከቡ ኢኹም።

**Service du logement et des gérances**
**(ናይ ገዛውትን ዘይተንቀሳቓሲ ንብረትን ምምሕዳር ቤት-ጽሕፈት)**
Place Chauderon 9፣ case postale 5032፣ 1002 Lausanne፣ ተሌ. 021 315 74 11
slg@lausanne.ch፣ www.lausanne.ch/slg

### I ♥ MES VOISINS፦ መምርሒ ናብ ምሕዝነት

እዚ ብዙሕ ቋንቋ ዘለዎ ብቤት□ጽሕፈት ፈለስቲ ከተማ Lausanne (BLI) ዝተዘርገሐ መንሹርን በራሪ ጽሑፍን እዩ፣ ብምትሕብባር ምስ ናይ ገዛውትን ዘይተንቀሳቓሲ ንብረትን ምምሕዳር ቤት□ጽሕፈት።

ጥቕሚ እንታይ እዩ፧ ሓደክልተ ቀለልቲ ሕጋጋት ንምድጋፍ ምሕዝነት ንክቕረብ እዩ ከምኡ□ውን ባእሲታትን ናይ ምፍልላይ ሽግራትን ከመይ ጌርካ ክትፈትሖም ከምትኽእል ምኽሪ ንምቕራብ።

ቀጻሊ ሓበሬታ፦ www.lausanne.ch/bli > publications
እዚኦም ነጻ ሕታማት ካብ ቤት-ጽሕፈት Lausanne ንፈለስቲ (BLI) ወይ ካብ Info Cité ይርከቡ እዮም።



### ምስራዕን ምምላስን ጐሓፍ፦ ሓደ ተፈጥሮኣዊ ጉዳይ

ናይ ገዛ ጐሓፍ ኣብ ወግዓዊ ቅድሚኡ ክኽፈሉ ዘለዎም ጸዕዳ ሳንጣታት ክጉሓፍ ኣለዎ። ሳንጣታት ካብ ካሳ ሱፐርማርከት ወይ ካብ ቤት-ጽሕፈት ቡስጣ ክግዝኡ ይከኣሉ (La Poste)። ዓመታዊ 80 CHF ዝበዝሐ መጠን ገንዘብ ንሓደ ተቐማጣይ ካብ ናይ ኳሬንቲ ጸብጻብኩም ብምምሕዳራት ስልጣን ከተማ ክጉደል እዩ። ቆልዓ ምስተወልደ ወይ ንሕማም ኢንኮንቲነንስ ዘለዎም ሰባት እቶም ሳንጣታት ኣብ ማሕበራዊ ጩንፈር ድሕንነት (Service des assurances sociales) ብነጻ ክርከቡ ይከኣሉ።

ኮንተይነራት/መገለላት/መትሓዚታት ንግላስ፣ ወረቐት፣ ረጊድ ወረቐት ከምኡ'ውን ጥረ ወይ ዝተኸሸነ ጐሓፍ መግቢ ኣብ ገዛውቲ ኣብቲ ዝምልከተሎም ቦታ ይርከቡ እዮም። እቶም ተቐመጥቲ ዕብይ ዝበለ ጐሓፍ ወይ ብከላ ዝገብር ጐሓፍ ናብ ሓደ ትካል መእከቢ ጐሓፍ ከብጽሕዎ ኣለዎም። ቦታታትን ግዜታትን ኣብ “ዓውደ ኣዋርሕ መእከቢ ጐሓፍ” (Calendrier des ramassages) ክርከቡ ይከኣሉ፣ እዚ ዓውደ-ኣዋርሕ ኣብ ኩሉ ገዛ ተዘርጊሑ ይርከብ ወይ ካብቲ ናይ ከተማ መርበብ ሓበሬታ ብዳውንሎድ ክውሰድ ይከኣል።

**Service de la propreté urbaine (ኣገልግሎት ምሕደራ ጐሓፍ)**
Rue des Terreaux 33፣ case postale 5032፣ 1002 Lausanne፣ ተሌ. 021 315 79 11
proprete.urbaine@lausanne.ch፣ www.lausanne.ch/proprete-urbaine

**Info-déchets (ስልኪ ሓበሬታ ላይን ጐሓፍ)**
ተሌ. 0800 804 806 (ነጻ ቁጽሪ)

# ህይወት ኣብ ከባብ ኹም/ጐረባብትኹም

ካብ ወረዳ/ከባቢ Sous-gare ናብ Bellevauxን La Blécheretteን፣ Lausanne ዳርጋ ዓሰርተ-ኣርባዕተ ዝተፈላለዩ ጐረባብታት ዘለውዋ ሞዛይክ እያ። ነፍስ ወከፎም ድማ ናይ ውልቂ ባህሪ ኣለዎም።

## ማሕበራዊ-ባህላዊ ንጥፈታት

ብምትእስሳር ዝተፈላለዩ ኣብ ከባቢ ዘለው ማሕበራት እቲ ውድብ ንምድጋፍ ማሕበራዊ-ባህላዊ ንጥፈታት (Fondation pour l'animation socioculturelle lausannoise – FASL) ንሓሙሽተ ማእከላት ኮም፣ ዓሰርተ ማሕበራዊ-ባህላዊ ማእኸላት ከምኡ'ውን ክልተ ናይ ዕንደራ መጻወቲ ሜዳታት ኣብ ጐረባብቲ Lausanne የመሓዳድር እዩ። እዚኦም ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ንዝኾነ ዕድመ ይውድቡ እዮም፣ ምርኻብ ኣብ መንጎ ሰባት ንክድግፉ ከምኡ'ውን ማሕበራዊ ርክብ ንከደልድሉ።

**Fondation pour l'animation socioculturelle lausannoise – FASL**
**(መሰረት ንምድጋፍ ማሕበራዊ-ባህላዊ ንጥፈታት)**
Chemin de Malley 28፣ 1007 Lausanne፣ **ተሌ.** 021 626 43 70፣ info@fasl.ch፣ www.fasl.ch

## ናይ ጐረባብቲ ጓይላ

ኩሉ ዓመት ኣብ መወዳእታ ዓርቢ ኣብ ጉንበት፣ ከተማ Lausanne "Fête des voisins" ዝብሃል ናይ ጐረባብቲ ጓይላ ትውድብ። እዚ ከባብያዊ ፍጻሜ ሕጂ ኣብ ብዙሓት ካልኦት ኤውሮጳውያን ከተማታት ይውዕል እዩ፣ ጐረባብቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ዝሰምር ሓደ ካብ ብዙሓት ንጥፈታት እዩ። ኩሉ ጽርግያን ጐረባብትን ናይ ነናቱ ተበግሶ ተሓታቲ እዩ፣ ግና እቶም ናይ ከተማ ቤት-ጽሕፈታት ኣዝዩ ሓጋዚ ምኽርን ሓገዝን ይህቡ እዮም።

**Service du logement et des gérances**
**(ናይ ገዛውትን ዘይተንቀሳቓሲ ንብረትን ምምሕዳር ቤት-ጽሕፈት)**
Place Chauderon 7፣ case postale 5032፣ 1002 Lausanne፣ **ተሌ.** 021 315 74 74፣
lafetedesvoisins@lausanne.ch፣ www.lausanne.ch/lafetedesvoisins

## ውዕላት ጐረባብቲ

ውዕል ጐረባብቲ ከም መብጽዓ እምነት ኣብ መንጎ ከተማ Lausanne ከምኡ'ውን ኣብቲ ጐረባብቲ ዝቕመጡ ወይ/ውን ዝሰርሑ ሰባታ እዩ፣ ውሕስነትን ስምረትን ኣብቲ ጐረባብትን ከባቢኡን ንክመሓያይሽ፣ ምትሕብባር ከኣ ምእንቲ ክድልደል። ካብ Montelly (2010-12) ከምኡ'ውን Boveresses (2013-16) ጀሚርካ፣ ሕጂ ውን Prélaz/Valency (2016-19) ብረብሓታት ናይዚ ውዕል ይሕጐስ እዩ። ሓድሽ ውዕል ጐረባብቲ ኣብ 2020 ክሕተም እዩ።

ቀጸሊ ሓበሬታ ብዛዕባ ስራሕ ጉጅለታትን ፕሮጀክታትን፦
www.lausanne.ch/contrats-de-quartier

## ባጀት ኮም

ናይ ኮም ባጀት ንተሳትፎ ዜጋታት የተባብዕ እዩ፣ ብኣብኡ ዝነብሩ ተቐመጥቲ ዘማዕብሉ ናይ ጐረባብቲ ፕሮጀክታት ብምድጋፍ።

ኣብ Lausanne ዝነብሩ ሰባት ኣብ ውድብ ከተማኦም ንክሳተፉ ኣማራጺ ይህቦም እዩ፣ ብእኦም ዝተሰርሑን ዝተመርጹን ፕሮጀክታት ብምስራሕ። እንተላይ ዝምድና ኣብ መንጎ ከተማን ተቐመጥትን ይድልድል እዩ፣ ሪሶርስ ከተማ ብኸመይ ክጥቐም ከምዝግባእ ብምዝታይ። ብደምዳሚ እታ ከተማ ንምዕባለ፣ ንጥፈታትን ቅያራትን ኣብ ከባቢታታ ክትድግፍ የተባብዓ እዩ፣ ሓሳባት ናይ ኣብኡ ዝነብሩ ሰባት ብኸምኡ ኣብ ግምት ክኣትዉን ኣብ ተግባር ክውዕሉን ይኽእሉ።

ቀጸሊ ሓበሬታ ኣብ my.lausanne.ch/budget-participatif

# ዜግነትን ፖሊቲካውያን መሰላትን

ኣብ Lausanne ምስፋር ማለት እንተላይ ኣብ ማሕበራዊ ናብራ ናይታ ከተማ ምስታፍ ማለት'ዩ፣ ኣብ ፖሊቲካውያን ንጥፈታታ ብምስታፍ።

## ምምራጽ ኣብLausanne። ናይ ምርጫ መሰላትን ብቕዓትን

ሰባት ዝበዝሐ ግዜ ዝተፈላለዩ ፕሮጀክታት ንክመርጹ ወይ ወኪላቶም ንክመርጹ ተተባቢዖም። ኩሉ ግዜ ዝኾነ ዓይነት ምርጫ ኣብቲ ከተማ፣ ክፍለ-ሃገር ወይ ሃገር ምስተመደበ፣ ዜጋታት ስዊዘርላንድ ናይ ምርጫ ወረቓቕቲ ብቡስጣ ይቕበሉ እዮም።

ሳላ እቲ ሓድሽ ኣብ 2003 ዝተሰረጸ ቅዋም ናይ ክፍለ-ሃገር Vaud፣ ዕድመ 18ን ላዕልን ዘለዎም ወጻእተኛታት ውን ኣብ ናይ ከተማ ምርጫታት ክመርጹ ይኽእሉ እዮም፣ እቶም ዝስዕቡ ኩነታት ጥራይ እንድሕር ረኺቦም፦ ኣብ ስዊዘርላንድ ብውሕዱ ዓሰርተ ዓመት ነበርቲ ክኾኑ ኣለዎም፣ ኣብ ክፍለ-ሃገር/ካንቶን Vaud ብውሕዱ ዓሰርተ ዓመት ነበርቲ ክኾኑ ኣለዎም ከምኡ'ውን ናይ B ወይ C መንበሪ ፍቓድ ክህልዎም ኣለዎ። መምረጺ ወረቓቕቲ ናይ ዝኾነ ኣብ ደረጃ ከተማ ዝተወደበ ምርጫ ሽዑንሽዑ ብቡስጣ ክስደደሎም እዩ።

ነዚኦም ኩነታት ክረኽቡ ዝኽእሉ ወጻእተኛታት ኣብ ምርጫታት እንተላይ ክምረጹ ይከኣሉ ከምኡ'ውን ኣባላት ናይ ዋዕላ ከተማ ወይ ቤት-ጽሕፈት ከተማ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ኩሉ ናይ ምርጫን መራጾን መሰላት ዘለዎ ሰብ፣ ሓደ ከተማዊ ተበግሶ ወይ ረፈረንዱም ክፈርም ይፍቐደሉ።

ብመወዳእታ፣ ዝኾነ ናይ ስዊዘርላንድ ዜጋ ወይ ወጻእተኛ፣ ምሉእ ዕድመ ወይ ትሕተ ብጹሕ ዕድመ ይኹን፣ ጥርዓን ወይ ልመና ክፈርም ይፍቐደሉ።

**Bureau du registre civique (ቤት-ጽሕፈት ናይ መራጾ ምዝጋበ)**
Place de la Palud 2፣ case postale 6904፣ 1002 Lausanne፣ ተሌ. 021 315 22 33
votations@lausanne.ch፣ www.lausanne.ch/votations፣ ሰኑይ-ዓርቢ፣ 9.30 ቅ.ቀ. ክሳብ 11 ቅ.ቀ.፣ 2 ድ.ቀ. ክሳብ 4 ድ.ቀ.



## ፖሊቲካውያን ሰልፍታት

ፖሊቲካውያን ሰልፍታት ተገዳስነት ህዝብን ርእይቶኦም ዝኽእፈሉ ሰባትን እናሰዓቡ ክሰርሑ ኣለዎም፣ ህቡባት ሕቶታት ከኣ ናብ ውሳነ ዝገብሩ ኣካላት መንግስቲ፣ ከም ዋዕላ ከተማ፣ ከመሓላለፉ ግዴታ ኣለዎም።

ናይ ከተማ ዋዕላን ኣወዳድባ ፖሊቲካውያን ጉጅለታት ኣብ Lausanne
www.lausanne.ch/conseil-communal

## ከም ወዲ ሃገር ወይ ዜጋ ምቕባል

ናይ ስዊዘርላንድ ዜጋ ክትኮኑ እንተ ደሊኹም ንቤት-ጽሕፈት ናቱራላይሰሽን ናይ ጨንፈር ህዝቢ ክፍለ-ሃገር Vaud (Service de la population du Canton de Vaud) ክትረኽቡ ኣለኩም።

ንስልጠናታት ፍራንስኛ ከምኡ'ውን ካልኦት ንሕቶ ዜግነት ዝምልከቱ ኣገልግሎታት ዝስዕብ ረኣዩ www.lausanne.ch/bli > Citoyenneté ወይ ከኣ መንሹር *Apprendre à Lausanne*፣ www.lausanne.ch/apal

**Secteur des naturalisations፣ Service de la population**
**(ቤት-ጽሕፈት ዜግነት/ ናቱራላይሰይሽን፣ ጨንፈር ህዝቢ)**
Case postale፣ 1014 Lausanne፣ ተሌ. 021 316 45 91፣ www.vd.ch/naturalisation
ሕቶታት ብተሌፎን፦ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ፣ 9 ቅ.ቀ. ክሳብ 11.30 ቅ.ቀ.

### VOTRE VILLE, VOTRE VIE, VOTRE VOIX

እታ ከተማ ዝተፈላለዩ መምርሒ ዘለዎም መገሻታት ተቕርብ ከምኡ'ውን መሕበሪ ቆጸራ ናይ ምርጫ ወረቓቕቲ ከመይ ጌርኩም ከም ትጥቀሙሎም። ናይ ዜጋታት ኣውቶቡስ ዋላ ዝተፈላለዩ ኈረባብታት ከተማ ይኸደሎም እዩ። እዚኦም ነጻ ቆጸራታት ዝያዳ ብዛዕባ ፖሊቲካዊ ናብራ ኣብ Lausanne ንከተረጋገኣጹ ተመዲቦም፣ ትካላታ ብጽሑ ኢኹም ከምኡ'ውን ዝምድና ኣብ መንጎ ከተማን ክፍለ-ሃገርን ፈደራላዊ ቤት-መንግስትን ተረድኡ ኢኹም።

እቲ መንሹርን መደብን ካብ ዝስዕብ ብዳውንሎድ ክውሰድ ይከኣል www.lausanne.ch/bli > Citoyenneté

# ባህልን መዘናግዕን ስፖርትን

Lausanne ህያውን ብዙሕ መዳይ ዘለዋን ከተማ እያ፣ ብዙሕ ዓይነት ጥበባዊ ፍጻሜታትን መዓት ናይ መዘናግዒ ንጥፈታትን ተውፊ። እታ ናይ ኦሊምፒያ ርእሰ-ከተማ እንተላይ ብንጡፍ ስፖርትን ዝኾነ ዓይነት ተንቀሳቓስነትን ትድግፍ እያ።

## ባህሊ

እታ ከተማ ማእከላዊ ሰፈር ንብዙሓት ዓበይቲ ኣስማት ኣብ ክላሲካዊ ሙዚቃን ኦፕራን ጥራይ ዘይኮነት፣ እንተላይ መርኣዪት ቦታ ንዘመናዊ ሙዚቃን ጀዝን እያ፣ ምስ ብዙሓት ናይ ኪኢላ ምርኢታት ከምኡ'ውን ናይ ህያውን ብዙሕ መዳይን ፕሮግራም ዘለዎም ፍጻሜታት።

ብዙሕ ዓይነት ናይ ሳዕስዒትን ትያትርን ባህሊ ውን ተቐሪቡ ይርከብ። ካብ ዘመናውያን ፍጻሜታት ክሳብ ክላሲካዊ መድረኽ፣ ኮመዲ/ተዋስኦ ከምኡ'ውን ስራሓት ንመንእሰያት ሰማዕቲ፣ እታ ከተማ ናይ ሃናጺን ኣህጉራዊ ርክብን ዘለዎ ማእከል ብምህላዋ ሽም ሰሪሓ።

ዳርጋ 20 ቤተ-መዘከራት ውን ነቲ ሃብታም ጥበባዊ ህይወት ኣብ Lausanne የህብትሙ እዮም፣ ገሊኦም ከኣ ኣብ ዓለም ፍሉያት እዮም። ኣብ ምሉእ ዓመት ዝሰመምዑ ብዙሕ ዓይነት ትርኢታት ኣለውዎም።

ኩሎም ቤተ-መዘከራት (ብዘይካ ቤተ-መዘከር ኦሊምፒያን Fondation de l’Hermitageን) ኣብ ቀዳማይ ቀዳም ኩሉ ወርሒ ነጻ እዮም።

Carte Cultissime ናይ ጥበብን መዘናግዕን ንዕድመ 18 ክሳብ 25 ዘለው ሰባት ዝኸውን ካርታ እዩ። እቲ ካርታ ነጻ እዩ ከምኡ'ውን ነቲ ዝውንኖ ቲከት ንፍርቂ ዋጋ ንክገዝእ የፍቕደሉ እዩ። እዚኦም ቲከታት ንኣብቲ መደብ ዝሳተፉ ትካላት ጥራይ እዮም ዝምልከቱ፣ እንተላይ ነጻ መእተዊ ኣብ ቤተ-መዘከራት ከተማታት Lausannenን Pullyን የፍቕድ።

**ምግዛእ ናይ ጥበብ ካርታታት**
www.carte-cultissime.ch

**ዝርዝር ቤተ-መዘከራት**
www.lausanne.ch/musees

**መምርሒ ዘለዎም ናይ ውርሻ መገሻታት**
www.lausanne.ch/visites

**ቤት-መጻሕፍቲ Lausanne**
www.lausanne.ch/biblio



## መዘናግዒ

Info Cité (ማእከል ሓበሬታ ከተማ) ባህላውያን ፍጻሜታት ኣብ Lausanne ይዝርዝር እዩ። እቲ ኣብ ሓበሬታ መርበብ Ville de Lausanne ዝርከብ ዓውደ-ኣዋርሕ ብኣርእስቲ፣ ቦታ ወይ ዕለት ክድለ ይከኣል።

እቲ ቤት-ጽሕፈት ቱሪስት ሰፊሕ ሓበሬታ ኣብ መዛነዪ ንጥፈታት ኣብ መርበቡ (ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት) የቕርብ እዩ፣ ከምኡድማ ኣብ Instagramን ናይ ሓበሬታ ቱሪስት ቤት-ጽሕፈታትን ኣብ Ouchy፣ ኣብ መደበር ባቡር ከምኡ'ውን ኣብ ካተድራለ።

**Info Cité**
www.lausanne.ch/infocite

**ዓውደ-ኣዋርሕ Lausanne**
www.lausanne.ch/agenda

**Lausanne Tourisme (ቱሪዝም Lausanne)**
www.lausanne-tourisme.ch

## ስፖርት

ከም ርእሰ-ከተማ ተንቀሳቓስነት ኦሊምፒያ ከምኡ'ውን ከም ናይ ምምሕዳር ስፖርት ርእሰ-ከተማ፣ Lausanne ኩሉ ዓይነት ስፖርት ብንጡፍ ትድግፍ እያ፣ ካብ ጀማሪ ክሳብ ሞያዊ። እታ ከተማ ዳርጋ 300 ዓይነታት ስፖርት ከምኡ'ውን ዝያዳ 50 ካልእ ፍጻሜታት ንኩሉ ሰብ እያ ትሕዝ፣ ካብ Lausanne Half Marathon (20 ኪሎሜተር) ክሳብ Athletissima እትብሃል ስፖርታዊ ፍጻሜ። እንተላይ ብዙሓት ንተቐማጦ ብነጻ ዝርከቡ ናይ ስፖርት ትካላት ተቕርብ። ሳላ እዚ ስፖርታዊ መሰረት'ዚ ብዙሓት ኣብ ስፖርት ክትሳተፉ እትኽእሉ ኣማራጺታት ኣለው ኣብ Lausanne፣ ኣድላይነት ዝኾነ ኣብታ ርእሰ-ከተማ ኦሊምፒያ ዝቕመጥ ሰብ ኣብ ምሉእ ዓመት ይርከብ ማለት'ዩ።

**ፍጻሜታት**
www.lausanne.ch/manifestations-sportives

**ናይ ስፖርት ትካላት**
www.lausanne.ch/installations-sportives

**ናይ ስፖርት ማሕበራት**
www.lausanne.ch/clubs-sportifs

# መጉዓዝያን ተንቀሳቓስነትን

Lausanne ንሃዋህው ዝከላኸል ተንቀሳቓስነት ትድግፍ ከምኡ'ውን ንተቓማጦኣ ብሜትሮ፣ ኣውቶቡስ፣ ብሽግለታ ወይ ብእግሪ ክጉዓዙ ንክኽእሉ ብዙሓት ኣማራጺታት ትህቦም።

## ሜትሮ፣ ኣውቶቡሳት፣ ባቡራት ከምኡ'ውን ናይ መካይን መቐመጢታት

እቲ ናይ ስዊዘርላንድ ቀዳማይ ብምልኡ ኣውቶማቲክ ዝኸይድ m2 ዝብሃል ሜትሮ/ከተማ ባቡር፣ ንደቡብ ከተማ (Ouchy) ክሳብ ሰሜን (Croisettes) ኣብ 18 ደቓይቕ ይተኣሳሰር። እዚ ቀንዲ ከተማዊ መስመር ምስቲ ከተማዊ መርበብ ኣውቶቡስ ከምኡ'ውን ምስቲ ሃገራዊ ስርዓት መንገዲ ባቡር ተኣሳሲሩ እዩ።

እቶም ካልኦት ናይ ሜትሮ መስመራት ኣብ መደበር Flon ይጅምሩ፦ ንሰሜን ዝኸይድ LEB (Lausanne-Echallens-Bercher) ባቡር ከምኡ'ውን m1 ናብ Renens።

መጉዓዝያ ኣብ ቲክፍለ-ሃገር/ካንቶን ኣብ ብዋጋ ዝፍለዩ ዞናታት ተወዲቡ (mobilis-vaud.ch)፤ Lausanne ኣብ ዞናታት 11ን 12ን ትርከብ። ካብ ዞናታት 15ን ላዕልን ንኩሎም ዞናታት ክትበጽሕዎም ትኽእሉ።

ዝተፈላለዩ ናይ P+R (ፓርክ-ኤንድ-ራይድ) መቐመጢታት መካይን ኣብ ከባቢ ወሰን ከተማ ኣለው፣ ኩሎም ምስ ወግዓዊ መጉዓዝያ ተኣሳሲሮም።

እቶም ተቐማጦ ንዝነውሕ ግዜ መኪናኦም ኣብ ጐረባብቶም ንከቐመጡ ዘፍቕዱሎም ናይ ፓርኪንግ መለዮታት/ካርታታት ክገዝኡ ይኽእሉ እዮም።

**Transports publics de la région lausannoise**
**(ወግዓዊ መጉዓዝያ ኣብ ቦታ Lausanne)**
**Centre clientèle Flon (ማእከል ኣገልግሎት ዓማዊል Flon)**
Place de l'Europe 5b፣ 1003 Lausanne፣ ሰኑይ-ዓርቢ 7 ቅ.ቀ. ክሳብ 7 ድ.ቀ.፣ ቀዳም 9 ቅ.ቀ. ክሳብ 6 ድ.ቀ.
ኣገልግሎታት ዓማዊል 021 621 01 11 (ንቡር ምድዋል ብገንዘብ እዩ)።

**ናይ ስዊዘርላንድ ፈደራላዊ መንገድታት ባቡር – CFF-SBB**
www.cff.ch፣ ተሌ. 0848 44 66 88 (CHF 0.08/ደቒቕ)

**Services des routes et de la mobilité (ኣገልግሎት ትራፊክ ጽርግያን ተንቀሳቓስነትን)**
www.lausanne.ch/rm

**Office de la circulation et du stationnement (ቤት-ጽሕፈት ትራፊክን ፓርኪንግን)**
Rue Saint-Martin 31፣ case postale 5354፣ 1002 Lausanne፣ ተሌ. 021 315 38 00
stationnement@lausanne.ch፣ www.lausanne.ch/macarons



## ብብሽግለታ ምኻድ

ብምጥቃም ብሽግለታ ናይ ፓርኪንግ ጸገማትን ምዕጋት ዋሕዚ ትራፊክን ክትውግድ ትኽእል። ካብ ትሕቲ 4 ኪሎሜተር ዝረሓቑ ጉዕዞታት ኣብ ውሽጢ ከተማ ብሽግለታ ምጥቃም ይቕልጥፍ። ካርታ ናይ ብሽግለታ ዝተመኸሩ መንገድታት ይርከብ እዩ።

ኤለክትሪክ ብሽግለታታት ብቕልጡፍ እናበዝሐ ስለዝኸዱ ንውሕ ዝበሉ ራሕቂታት ከምኡ'ውን ጎቦታት ዘለዎ መሬት ንክትሓልፍ ይቐልል ኮይኑ። እታ ከተማ 15% ንካይ ኣብ ምግዛእ ኤለክትሪክ ብሽግለታ (ብዝለዓለ 400 CHF) እያ ተቕርብ ከምኡ'ውን 30% (ብዝለዓለ 800 CHF) ንትሕተ ዕድመ 25 ዘለው ሰባት።

**Service des routes et de la mobilité (ኣገልግሎት ትራፊክ ጽርግያን ተንቀሳቓስነትን)**
Délégué Vélo፣ rue du Port-Franc 18፣ case postale 5354፣ 1002 Lausanne
ተሌ. 021 315 54 15፣ velo@lausanne.ch፣ www.lausanne.ch/velo

**ገንዘባዊ ሓገዝ ኤለክትሪክ ብሽግለታ**
ሕጋዊ ኩነታት ምስረኣኹም ኣብ ዝስዕቡ ኤፕሊከሽን ተቕርቡ፦ www.equiwatt.ch/mobilite-douce

## እግረኛታት

እቲ ዝቐለለን ቀንዲ ሃዋህው ዝድግፍ ኣዘዋውራ ኣብ ከተማ ብእግሪ ምኻድ እዩ። ስለዚ Lausanne ብእግሪ ምኻድ ንከተተባብዕ ብዙሓት ትካላት ሃኒጻ ከምኡ'ውን ንእግረኛታት ምቹእ ዝኾነ ቦታ ፈጢራ፣ ካብ መስገሪ/ዘብራ እግረኛ ክሳብ ቀጠልያ መንገድታት፣ መመላእታ ክሳብ መሬት እግረኛታት፣ ወዘተ።

**Service des routes et de la mobilité (ኣገልግሎት ትራፊክ ጽርግያን ተንቀሳቓስነትን)**
Délégué piétons፣ rue du Port-Franc 18፣ case postale 5354፣ 1002 Lausanne፣
ተሌ. 021 315 54 15፣ pietons@lausanne.ch፣ www.lausanne.ch/pietons

## ርክብ ስንክልና

ስንክልና ዘለዎም ሰባት ኣብ ዝስዕብ ሓገዝ ክረኽቡ ይኽእሉ
www.lausanne.ch/aineshandicapes፦ ኣብ "T" ንትራንስፖኦርት ጠውቑ ወይ
021 315 11 11 ደውሉ።

## ታክሲታት

ሓደ ታክሲ ብቕልጡፍን ቀሊልን ንክትጠልቡ Taxi Lausanne ዝብሃል ነጻ ኢንተራክቲቭ App ተጠቐሙ።

# A ክሳብ Z ቀንዲ ኣድራሻታትን መጸሓፍ ኣድራሻታት

ቅያራት ገና ክግበሩ ይከኣሉ

**Accueil pour enfants en milieu scolaire – APEMS (ናይ ደገፍ ስርዓት ንዕድመ ትምህርቲ ዝኣኽሉ ቆልዑት)**
Place Chauderon 9፣ 1002 Lausanne
ሰኑይ-ዓርቢ 7.30 ቅ.ቀ. ክሳብ 11.45 ቅ.ቀ.፣ 1 ድ.ቀ. ክሳብ 5 ድ.ቀ.
ተሌ. 021 315 68 33/08
www.lausanne.ch/apems

**Registre civique (ናይ መራጺ መዝገብ)**
Bureau des naturalisations et registre civique
Place de la Palud 2፣ 1002 Lausanne
ሰኑይ-ዓርቢ 9 ቅ.ቀ. ክሳብ 11.30 ቅ.ቀ.፣ 2 ድ.ቀ. ክሳብ 4 ድ.ቀ.
ተሌ. 021 315 22 33

**Administration cantonale (ክፍለ-ሃገራዊ ምምሕዳር)**
ተሌ. 021 316 21 11፣ www.vd.ch

**Administration communale (ምምሕዳር ከተማ)**
ተሌ. 021 315 11 11፣ www.lausanne.ch

**Administration militaire (ምምሕዳር ሰራዊት)**
Service de la sécurité civile et militaire
Place de la Navigation 6፣ 1110 Morges 1
ሰኑይ-ዓርቢ 7.30 ቅ.ቀ. ክሳብ 11.45 ቅ.ቀ.፣ 1.30 ድ.ቀ. ክሳብ 4.45 ድ.ቀ.
ሰሉስ 7.30 ቅ.ቀ. ክሳብ 6.30 ድ.ቀ.
ተሌ. 021 316 47 40፣ www.vd.ch/sscm

**Assurance incendie et éléments naturels (ኢንሹራንስ ሓውን ተፈጥሮኣዊ መቕዘፍትን)**
Etablissement d'assurance contre l'incendie et les éléments naturels du Canton de Vaud – ECA
Rue Cité-Devant 12፣ 1005 Lausanne
ሰኑይ-ሓሙስ 8 ቅ.ቀ. ክሳብ 12 ፋዱስ፣ 1.30 ድ.ቀ. ክሳብ 5 ድ.ቀ.
ዓርቢ 8 ቅ.ቀ. ክሳብ 12 ፋዱስ፣ 1.30 ድ.ቀ. ክሳብ 4.30 ድ.ቀ.
ተሌ. 0800 721 721፣ www.eca-vaud.ch

**Assurances sociales፣ allocations de naissance et de maternité፣ prestations complémentaires (ማሕበራዊ ውሕስነት፣ ትውልድን ሓገዝ ኣደነትን፣ ተወሰኽቲ ሓገዛት ገንዘብ)**
Place Chauderon 7፣ 1002 Lausanne
ሰኑይ-ዓርቢ 8.30 ቅ.ቀ. ክሳብ 11.45 ቅ.ቀ.፣ 1 ድ.ቀ. ክሳብ 5 ድ.ቀ.፣
ተሌ. 021 315 11 11
www.lausanne.ch/assurances-sociales

**Bibliothèque municipale (ቤት-መጻሕፍቲ ከተማ)**
Place Chauderon 11፣ 1002 Lausanne
ሰኑይ፣ ሰሉስ፣ ሓሙስ፣ ዓርቢ 12 ፋዱስ ክሳብ 7.30 ድ.ቀ.፣
ረቡዕ 10 ቅ.ቀ. ክሳብ 7.30 ድ.ቀ. ቀዳም 11 ቅ.ቀ. ክሳብ 4 ድ.ቀ.፣
ተሌ. 021 315 69 15
www.lausanne.ch/bibliotheque

**Contrôle des habitants (መንበሪ ፍቓዳት)**
Rue du Port-Franc 18፣ 1002 Lausanne
ሰኑይ-ዓርቢ 8 ቅ.ቀ. ክሳብ 12 ፋዱስ፣ 1 ድ.ቀ. ክሳብ 4.30 ድ.ቀ.፣
ተሌ. 021 315 31 33
www.lausanne.ch/ch

**Cours de français (ስልጠናታት ፍራንስኛ) (ዝርዝር)**
Bureau lausannois pour les immigrés – BLI
Place de la Riponne 10፣ 1002 Lausanne
ሰኑይ-ዓርቢ 8 ቅ.ቀ. ክሳብ 12 ፋዱስ፣ 1 ድ.ቀ. ክሳብ 5 ድ.ቀ.፣
ተሌ. 021 315 72 45
www.lausanne.ch/bli

**Crèches – information et inscriptions (መእለዪ ናጽላታት – ሓበሬታን ምምዝጋብን)**
Bureau d'information aux parents – BIP
Place Chauderon 9፣ 1002 Lausanne
ሰኑይ-ዓርቢ 8.30 ቅ.ቀ. ክሳብ 11.30 ቅ.ቀ.፣ 1.30 ድ.ቀ. ክሳብ 4.30 ድ.ቀ.
ተሌፎን ሓገዝ ስልኪ፦ ሰሉስ፣ ሓሙስ፣ ዓርቢ, 10 ቅ.ቀ. ክሳብ 12 ፋዱስ
ተሌ. 021 315 60 00፣ www.lausanne.ch/bip

**Déchets፣ recyclage (ምልጋስ ጐሓፍ፣ ዳግም መስርሒ/ ሪሳይክሊን)**
Service de la propreté urbaine
Rue des Terreaux 33፣ 1002 Lausanne
ሰኑይ-ዓርቢ 8 ቅ.ቀ. ክሳብ 12 ፋዱስ፣ 1.30 ድ.ቀ. ክሳብ 5 ድ.ቀ.፣
ተሌ. 021 315 79 11
www.lausanne.ch/proprete-urbaine

**Eau information፣ contrôle (ማይ፣ ሓበሬታን ቍጽጽርን)**
Service de l'eau
Rue de Genève 36፣ 1002 Lausanne
ሰኑይ-ዓርቢ 7 ቅ.ቀ. ክሳብ 11.30 ቅ.ቀ.፣ 1 ድ.ቀ. ክሳብ 4.30 ድ.ቀ.፣
ተሌ. 021 315 85 30
www.lausanne.ch/eaux



**Ecole – information et inscriptions (ቤት-ትምህርትታት – ሓበሬታን ምምዝጋብን)**
Service des écoles primaires et secondaires
Place Chauderon 9፣ 1002 Lausanne
ሰኑይ-ዓርቢ 7.30 ቅ.ቀ. ክሳብ 11.45 ቅ.ቀ.፣ 1 ድ.ቀ. ክሳብ 5 ድ.ቀ. (4 ድ.ቀ. ረቡዕ ከምኡ'ውን ዓርቢ)፣ ተሌ. 021 315 64 11፣
www.lausanne.ch/seps

**Etat civil (mariage, naissance...) (ቤት-ጽሕፈት ሲቪላዊ ምዝገባ (መርዓታት፣ ትውልድታት፣ ወዘተ))**
ብቆጸራ፣ ተሌ. 021 557 07 07
www.vd.ch/etatcivil ወይ
www.lausanne.ch/demarches

**Hôpital (ሆስፒታል)**
Centre hospitalier universitaire vaudois – CHUV
Rue du Bugnon 46፣ 1011 Lausanne
ተሌ. 021 314 11 11፣ www.chuv.ch

ናይ ቆልዑት ሆስፒታል
Chemin de ሞንቴtétan 16፣ 1004 Lausanne
ተሌ. 021 314 84 84፣ www.hopital-enfance.ch

Hôpital ophtalmique Jules Gonin
(ፍሉይ ናይ ዓይኒ ሆስፒታል)
Avenue de France 15፣ 1004 Lausanne
ተሌ. 021 626 81 11፣ www.asile-aveugles.ch

**Impôts – Office de Lausanne (ቀረጽ – ቤት-ጽሕፈት Lausanne)**
Rue Caroline 11 bis፣ 1014 Lausanne
ሰኑይ-ዓርቢ 8.30 ቅ.ቀ. ክሳብ 11.30 ቅ.ቀ.፣ 1.30 ድ.ቀ. ክሳብ 4.30 ድ.ቀ.
ተሌ. 021 316 23 11
www.vd.ch/impots

**Impôts sur les chiens (ላይሰንስ/ፍቓድ ከልቢ)**
Bureau des impôts
Place Chauderon 9፣ 1002 Lausanne
ግዜታት ባንኮ፦ ሰኑይ-ዓርቢ 1 ድ.ቀ. ክሳብ 4 ድ.ቀ.
ተሌፎን መስመር ሓገዝ፦ 9 ቅ.ቀ. ክሳብ 11.30 ቅ.ቀ.፣ 1.30 ድ.ቀ. ክሳብ 4 ድ.ቀ.
ተሌ. 021 315 43 11፣ www.lausanne.ch/impots

**Information au public – Info Cité (ወግዓዊ ሓበሬታ – Info Cité)**
Place de la Palud 2፣ 1002 Lausanne
ሰኑይ-ዓርቢ 8 ቅ.ቀ. ክሳብ 5 ድ.ቀ.
ተሌ. 021 315 25 55
www.lausanne.ch/infocite

**Intégration des immigrés (ምውህሃድ ፈለስቲ)**
Bureau lausannois pour les immigrés – BLI
Place de la Riponne 10፣ 1002 Lausanne
ሰኑይ-ዓርቢ 8 ቅ.ቀ. ክሳብ 12 ፋዱስ፣ 1 ድ.ቀ. ክሳብ 5 ድ.ቀ.፣
ተሌ. 021 315 72 45
www.lausanne.ch/bli

**Interprétariat communautaire (ምስትርጓም ኮም)**
Service Intermedia – Appartenances
Rue des Terreaux 10፣ 1003 Lausanne
ተሌ. 021 341 12 50፣ www.appartenances.ch

**Justice de Paix (ሕጋዊ ፈራዳይ ሰላም)**
Côtes-de-Montbenon 8፣ 1014 Lausanne
ሰኑይ-ዓርቢ 8 ቅ.ቀ. ክሳብ 11.30 ቅ.ቀ.፣ 1.30 ድ.ቀ. ክሳብ 4.30 ድ.ቀ.፣
ተሌ. 021 316 10 60
www.vd.ch/justice

**Lausanne Tourisme (ቱሪዝም Lausanne)**
መደበር መንገዲ ባቡር
ቀንዲ ኮረድዮ፣ መዓልታዊ
9 ቅ.ቀ. ክሳብ 7 ድ.ቀ. (ሓምለ-ነሓሰ)፣ 9 ቅ.ቀ. ክሳብ 6 ድ.ቀ. (መስከረም-ጉንበት)፣

Ouchy
Place de la Navigation 6፣ መዓልታዊ
9 ቅ.ቀ. ክሳብ 7 ድ.ቀ. (ሰነ-ነሓሰ)፣ 9 ቅ.ቀ. ክሳብ 6 ድ.ቀ. (መስከረም-ጉንበት)፣

ካተድራል
ኣብ ውሽጢ ህንጻ፣ ን
ግዜታት ኦንላይን ረኣዩ፣ ተሌ. 021 613 73 73
www.lausanne-tourisme.ch

### Logements subventionnés፣ location appartements (ዝነከየ ዋጋ ዘለዎ መቐመጢታት፣ ክራያት ኣፓርታማ)

Service du logement et des gérances
(ናይ ገዛውትን ዘይተንቀሳቓሲ ንብረትን ምምሕዳር ቤት-ጽሕፈት)
Place Chauderon 7፣ 1002 Lausanne
ሰኑይ-ዓርቢ 8 ቅቀ. ክሳብ 11.45 ቅቀ.፣ 1 ድ.ቀ. ክሳብ 4.30 ድ.ቀ.
ተሌ. 021 315 74 11
www.lausanne.ch/slg

### Citycable – Service multimedia (Citycable – ኣገልግሎት ሙልቲሚድያ)

Place de l’Europe 2፣ 1002 Lausanne
ቦታ ዓማዊል፡- ሰኑይ-ዓርቢ 9 ቅቀ. ክሳብ 6.30 ድ.ቀ.፣
9 ቅ.ቀ. ክሳብ 5 ድ.ቀ. ተሌ. ሰኑይ-ዓርቢ 8 ቅ.ቀ. ክሳብ 5 ድ.ቀ.፣
0842 841 841
www.lausanne.ch/citycable

### Objets trouvés (ዝጠፍኡ ንብረት)

Place de la Riponne 10፣ 1002 Lausanne
ሰኑይ-ዓርቢ 1 ድ.ቀ. ክሳብ 4 ድ.ቀ.፣
ተሌፎን መስመር ሓገዝ፡- ሰኑይ-ዓርቢ 8 ቅ.ቀ. ክሳብ 12 ፋዱስ፣
ተሌ. 021 315 33 85
www.lausanne.ch/objets-trouves

### Office régional de placement – ORP (ዞባዊ ቤት-ጽሕፈት ስራሕ)

Place Chauderon 9፣ 1002 Lausanne
ሰኑይ-ዓርቢ 7.30 ቅ.ቀ. ክሳብ 11.45 ቅ.ቀ.፣ 1 ድ.ቀ. ክሳብ 5 ድ.ቀ.፣ ተሌ. 021 315 78 99
www.lausanne.ch/orp

### Orientation scolaire et professionnelle (መምርሒ ትምህርትን ሞያን)

Centre régional d’orientation scolaire et professionnelle Lausanne – OSP
Rue de la Borde 3d፣ 1014 Lausanne
ንወግዒ ክፉት ዝኾነ ማእከል ሓበሬታ፣
ብዘይ ቆጸራ። ሰኑይ 1.15 ድ.ቀ. ክሳብ 5 ድ.ቀ.፣ ሰሉስ ክሳብ ሓሙስ 1.30 ድ.ቀ. ክሳብ 5 ድ.ቀ.፣ ዓርቢ ከምኡ'ውን ቅድሚ ወግዓዊ በዓላት ዘሎ መዓልቲ፡- 12 ፋዱስ ክሳብ 4 ድ.ቀ.
ተሌ. 021 316 11 20፣ www.vd.ch/orientation

### Passeport፣ carte d’identité (ካርታታት ፓስፖርትን መንነትን)

Secteur des documents d’identité du Canton de Vaud
Voie du Chariot 3 (Flon)፣ 1014 Lausanne
ካውንተር፡- ሰኑይ-ዓርቢ 7.30 ቅ.ቀ. ክሳብ 5.30 ድ.ቀ.፣ ቀዳም 7.30 ቅ.ቀ. ክሳብ 4.30 ድ.ቀ.
ተሌፎን፡- 8 ቅ.ቀ. ክሳብ 12 ፋዱስ፣ 1.30 ድ.ቀ. ክሳብ 5 ድ.ቀ.
ተሌ. 0800 01 12 91፣ www.vd.ch/passeport

### Permis de conduire (መምርሒ ፍቓድ)

Service des automobiles et de la navigation du Canton de Vaud
Avenue du Grey 110፣ 1014 Lausanne
ካውንተር፡- ሰኑይ-ዓርቢ 7.15 ቅ.ቀ. ክሳብ 4.15 ድ.ቀ.
ተሌፎን፡- ሰኑይ-ዓርቢ 8 ቅ.ቀ. ክሳብ 11.30 ቅ.ቀ.፣ 1.15 ድ.ቀ. ክሳብ 4.15 ድ.ቀ.
ተሌ. 021 316 82 10፣ www.vd.ch/san

### Permis de séjour (መንበሪ ፍቓዳት)

Contrôle des habitants
Rue du Port-Franc 18 (Flon)፣ 1002 Lausanne
ሰኑይ-ዓርቢ 8 ቅ.ቀ. ክሳብ 12 ፋዱስ፣ 1 ድ.ቀ. ክሳብ 4.30 ድ.ቀ.፣
ተሌ. 021 315 31 33
www.lausanne.ch/ch

### Permis de travail (መንበሪ ፍቓዳት)

Service de l’emploi
Rue Caroline 11፣ 1014 Lausanne
ተሌ. 021 316 61 04
www.vd.ch/emploi

### Police de Lausanne (ፖሊስ Lausanne)

Rue Saint-Martin 33፣ 1002 Lausanne
መዓልታዊ፣ 24/24፣ ተሌ. 021 315 15 15
www.lausanne.ch/police

### Policlinique médicale universitaire et Unité des populations vulnérables – PMU (ሕክምናዊ ተጐዓዚ ኣሃዱ ከምኡ'ውን ኣሃዱ ተነቐፍቲ ህዝብታት)

Rue du Bugnon 44፣ 1011 Lausanne
ተሌ. 021 314 60 60
መዓልታዊ 24/24



Voie du Chariot 4 (Flon)፣ 1003 Lausanne
ተሌ. 021 314 90 90
7 መዓልታት/ሰሙን፣ ሰኑይ-ቀዳም 7 ቅ.ቀ. ክሳብ 9 ድ.ቀ.፣ ሰንበት ከምኡ'ውን ወግዓዊ በዓላት 9 ቅ.ቀ. ክሳብ 7 ድ.ቀ.
www.pmu-lausanne.ch

### Office des prestations funéraires lausannois (ኣገልግሎታት ቀብሪ Lausanne)

Chemin du Capelard 5፣ 1007 Lausanne

Centre funéraire de Montoie (ክፉት ንወግዒ)
ሰኑይ-ዓርቢ 7.30 ቅ.ቀ. ክሳብ 6.30 ድ.ቀ.፣ ቀዳም-ሰንበት፣ ወግዓዊ በዓላት 10 ቅ.ቀ. ክሳብ 3 ድ.ቀ.
ተሌ. 021 315 32 95

Pompes funèbres officielles (PFO)
ሰኑይ-ዓርቢ 7.30 ቅ.ቀ. ክሳብ 12 ፋዱስ፣ 1.30 ድ.ቀ. ክሳብ 5 ድ.ቀ.
ተሌ. 021 315 45 45 (24/7)
www.lausanne.ch/pfo

Bureau des décès et des cimetières
ሰኑይ-ዓርቢ 7.30 ቅ.ቀ. ክሳብ 12 ፋዱስ፣ 1.30 ድ.ቀ. ክሳብ 5 ድ.ቀ.
ተሌ. 021 315 32 75
www.lausanne.ch/inhumations

### Services industriels፡- électricité፣ gaz፣ chauffage à distance፣ multimédia (መሰረታውያን ኣገልግሎታት፡- ኤሌክትሪክ፣ ጋዝ፣ ብርሕቀት ዝስርሕ መውዓዪ፣ ሙልቲሚድያ)

Place Chauderon 23፣ 1002 Lausanne
ሰኑይ-ዓርቢ 8 ቅ.ቀ. ክሳብ 12 ፋዱስ፣ 1 ድ.ቀ. ክሳብ 5 ድ.ቀ.
ተሌ. 0842 841 841
www.lausanne.ch/sil

### Service social – information et accueil (ማሕበራውያን ኣገልግሎታት – ሓበሬታን ቅባለን)

Centre social régional – CSR
Place Chauderon 4፣ 1002 Lausanne
ሰኑይ-ዓርቢ 8.30 ቅ.ቀ. ክሳብ 11.45 ቅ.ቀ.፣ 1 ድ.ቀ. ክሳብ 4.30 ድ.ቀ.፣ ሓሙስ ንጉሆ ተዓጽዩ፣ ተሌ. 021 315 75 11
www.lausanne.ch/csr

### Stationnement (macarons) (ናይ ፓርኪንግ ካርታታት)

Office de la circulation et du stationnement
Rue Saint-Martin 31፣ 1002 Lausanne
ሰኑይ-ዓርቢ 7.30 ቅ.ቀ. ክሳብ 5 ድ.ቀ.
ተሌ. 021 315 38 00
www.lausanne.ch/macarons

### Transports publics de la région lausannoise (ወግዓዊ መጒዓዝያ ንዞባ Lausanne)

Centre clientèle Flon
Place de l’Europe 5b፣ 1003 Lausanne
ሰኑይ-ዓርቢ 7 ቅ.ቀ. ክሳብ 7 ድ.ቀ.፣ ቀዳም 9 ቅ.ቀ. ክሳብ 6 ድ.ቀ.
ኣገልግሎታት ዓማዊል
ሰኑይ-ዓርቢ 7.30 ቅ.ቀ. ክሳብ 7 ድ.ቀ.፣ 021 621 01 11 (መደወሊ ክፍሊት ብልሙድ ዋጋ እዩ)።
www.t-l.ch

### URGENCES (24H/24) (ህጹጽ ኩነታት (24/7))

ምድዋል ህጹጽ ኩነታት (ኣብ ኣስጋኢ ጉዳያት)፡- ተሌ. 144
ኩሉ ግዜ ዝህሉ ሓኪም፡- ተሌ. 0848 133 133
ናይ ፖሊስ ህጹጽ ኩነታት፡- ተሌ. 117
ባርዕ/ሓዊ፡- ተሌ. 118

**ዝርከብ ብቋንቋ፦**

ኣልባንኛ / shqip

ጀርመንኛ / deutsch

እንግሊዝኛ / english

ዓረብኛ / العربية

ቦስንኛ-ክሮኣትኛ-ሰርብኛ /
bosanski-hrvatski-srpski

ስፓኛ / español

ፍራንስኛ / français

ጣልያንኛ / italiano

ፖርቱጊስኛ / português

ትግርኛ / ትግርኛ


**Bureau lausannois pour les immigrés**

Place de la Riponne 10
case postale 5032
1002 Lausanne

T +41 21 315 72 45
www.lausanne.ch/bli
bli@lausanne.ch

**Info Cité**

Place de la Palud 2
case postale 6904
1002 Lausanne

T +41 21 315 25 55
infocite@lausanne.ch